...LDA-MADHEN
...f nebab
...1954 E.C.

738805

# ሓጺር
# መጽሓፍ ንበብ
# ብትግርኛ

"ኣርብዓን ኣርበዕተን ዛንታ።"

ብይስሃቅ ተወልደ መድህን

ተጻሕፈ።

፰ይ ሕታም

ኣስመራ የካቲት ፲፱፻፶፬ ዓ-ም።

·ም 1943
1953
1957
1961
1962

IBRARY

# መቅድም

እዚ ንእሽቶይ መጽሐፍ ንባብ ትግርኛ ፡ መታን ተመሃሮ
ንባብ ኪመሃሩሉ ፣ ተሓቲሙ ይወጽእ ኣሎ ። ናይ ኣብያተ - ትም
ህርቲ መሃዛይ ክፍሊ ፡ (ንኤርትራ ዜመሓድር ሰራዊት እንግሊዝ)
ብዙሕት ደቀባት መምህራን ኣሕዲሩ ነበረ ። ሓያሎይ ካባታቶ
ምን ካልኣት ትጉሃት ሰባትን ኣብ'ዚ ዚሕተም ዛንታታት ሰዲ
ዶም ። ሽም ነፍስ · ወከፎም ድማ ፣ ኣብ እግሪ'ቲ ዝሰደዱዎ ዛን
ታኦም ተጻሒፉ ኣሎ ። ስለ ጽቡቕ ሓሳቦምን ጻዕሮምን ፣ ከም
ኡ'ውን ዶክቶር ኪኒስተን ስኔል ፣ ሓለቓ ኣብያተ - ትምህርቲ ፣
ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ፤ ‹እጆኻ ጸሐፍ› ኢሎም ስለ ዘበርትዑንን
ዝሐገዙንን ንኹላቶም ናይ ልበይ ፣ ምስጋና ኤቕርበሎም ኣሎኹ ።

ቅድሚ ሎሚ ፣ ተመሃሮ ዜንብብዎ ፡ ዛንታ ኣብ ሰሙናዊ ጋዜ
ጣ ፣ ኣብ ፡ ሰሰሙን ተሓቲሙ ይወጽእ ነይሩ ። ሕጂ ድማ እቲ
ናይ ማሕተም መሃዛይ ክፍሊ ፣ ነቲ ቀደም ተሓቲሙ ዚወጽእ
ዝነበረ ፣ ዛንታታት ከም ብሐዲሽ ኪሕተሙ ስለ ዝፈቐደ ። ናይ
ልቢ ምስጋናይ ኤቕርበሉ ኣሎኹ ።

እዚ መጽሓፍ ንባብ ፤ ንተመሃሮ ዜሐጕስ ፣ ከም ዓቕሚ ኣእ
ምሮኦም ፣ ኬስተውዕልዎ ብዚኽእሉ ኣጻሐሕፋ ኢዩ ተጽሒፉ ዘሎ ።
ኣብኡ ንሳቶም ፤ ሓጺር ጽውጽዋይ ፣ ዛንታታት ፡ መዛሙር ፣
ምሰላታታት ፡ ካልእ ነገር'ውን ኬንብቡ ኢዮም ። ስለ'ዚ ፣ መም
ህራን ኣብ'ቲ ፣ ዛንታታት ንተመሃሮኦም ጥቕምን ትምህርትን ኣሎዎ
እዩ ፣ መታን ፈተውቲ ምህሮ ፣ ዓየይትን ንሱሓትን ኪኾኑ ኬነ
ቓቕሕዎም ተስፋ እናገበርኩ ንመዓላ ይግበሮ ኢለ እምርቕ ኣሎኹ።

ይስሃቅ ተወልደ ምድህን ።

ኣስመራ ሐምለ ፲፱፻፶፰ ዓ. ም. ።

# ተኸሊ-ለሚን

ሓደ ሰብ ንእሽቶ ተኽሊ-ለሚን ነበሮ ። ንሱ ይኹስኵሳን ይአልያን ብብግዜኡ ድማ ማይ የስትያ ነበረ ። ንሳ ብዙሕ ለም ፀት ። ብእዋና ኽአ ጽቡቕ ፍረ አፍረየት ። ዝሓልፉ ሰባት እና ረአይዋ ፡ ይሕጐሱላን ይዛረቡላን ነበሩ ።

አቱም ወለዲ ፡ ነቶም ንኣሽቱ ደቅኹም ፡ ከምቲ ዋና ተኽ ሊ-ለሚን ክትከኑ ተጋደሉ ። አቱም ደቂ ድማ ከምታ ተኽሊ-ለ ሚን ክትከኑ ብተስፉ እናጸዓትኩም ተመሃሩ ።

# ህያብ እግዚአብሄር

ክብ'ቲ ማእለያ ዜብሉ ህያብ አምላኽ ፡ ማይ ሓደ ኢዩ ። ንሱ ኢዩ እንተ ጸማእና ዜጥልል ፡ እንተ ረሳሕና ዜጽሪ ። ንሱ ምስ ባህርናን ምስ ሰብነትናን ይሰማማዕ ። ስለ'ዚ ንማይ አቃሊልና አይ ንሐዞ ። ሰብ ፡ ጥዑይ ኰነ ፡ ሕሙም ብዘይ ብልዒ ነዊሕ ጊዜ ኪጸወር ይኽእል ። ብጽምኢ ማይ ግና ክንድኡ ክጸወር አይኽ ኣሎን ። ማይ ሓላው ትንፋስና ከም ዝኾነ በዚ ይርኤ ። ምስ ባህርይ ፍጥረትና ዚሰማማዕ መስተ ፡ ከም ማይ አይርከብን ። ከም ካልእ መስተታት ክፉእ ሓሳብ አየላዕልን ። ምስ ጠለልና ድማ ከም ካልእ መስተታት እናዋጋዕና አይነዘውትሮን ። እንስሳ ሰብ አደኣም ምስ ሓደጉ ብዘይ ማይ ካልእ መስተ አይሰትዩን ። አምበሳ ሓ ያል ኢዩ ። ሓርማዝ ብርትዕቲ ኢያ ፡ ንስሪ ነፋራይ ኢዩ ፡ መስ ቴኦም ከአ ማይ ኢዩ ። አብ በረኻ ጸሊም ምስ ደኸምካን ምስ ጸማእካን ፡ ቅድሚ-ኵሉ ነገር ፡ ዝሑል ማይ ጥራይ ኢኻ ሃረር እትብል ። መስተ ማይ ፡ ሐይልን ጥዕናን ይህብ ።



ብርበታት ዓድና አቢሉ ዚሐልፍ ወሐዚ ማይ ፡ አብ ከመይ ዝበለ ጥቕሚ ነውዕሎ ፧

እስኪ ፡ ጠቕሚ ማይ በብሐደ ጸብጽበለይ ፧

# መብጽዓ

ሐደ ተኸላ ፡ አብ ጐረሮኡ ፡ ቍራጽ ዓጽሚ ተተኽሉ ። ንሐንቲ ዑፍ ጸዋዐ "አብ ጐረሮይ ተተኺሉ ዘሎ ዓጽሚ መዚዝ ኪ እንተ አውጺእክለይ ደሞዝ ክህበኪ ኢየ ፡" ኢሉ ተመባጽዓላ ። ንሳ ፡ "ሕራይ" ኢላ ነቲ ዓጽሚ አውጽአትሉ ፡ ስራሐ ምስ ፈጸመ ረ ሽት ድማ ፡ "እቲ ዘስማዕካኒ ደሞዝ ሃበኒ ፡" ኢላ አዘከረቶ ሽዑ "ሐንቲ ከይቶ እቲ ተኸላ ፡ እናሰሓቐን አስናኑ እናሐርቀመን ፡ "ሐንቲ ከይቶ ተንኬኺ ብምሉእ ጥዕና ፡ ካብ አፍ ሐደ ተኸላ ፡ ብደሓን-ሰላም ብምውጻእኪ ፡ ከንዲ ብዙሕ ደሞዝ ቍጸርዮ ፡" ኢሉ ፡ ምላሽ ሃበ ።

እቲ ተኸላ መብጽዓኡዶ አይጠለመን ይመስለካ ፧

መብጽዓ ምጥላምከ ጽቡቕዶ ኢዩ ።

# ሜላ

ቀደም ዛመን ፡ አብ ሓደ ዓዲ ፡ ሓደ ንፉዕ ወዲ ይነብር ነበረ ። አብኡ ኸአ ፡ ሓደ ጨካን ንጉስ ይነብር ነበረ ። ሐንቲ መዓል ቲ ፡ እቲ ንጉስ ፡ ነቲ ወዲ ፡ "ጽባሕ ፡ አብ ሓንቲ በቕሊ ተወ ጢሕካ ፡ ከሎኻ ድማ ፡ ብእግርኻ እናኸድካ ፡ አብ አደራሸይ መጸእ ፡ አብ ርእስ'ዚ ድማ ፡ እናሰሓቕካ ከሎኻ ፡ እናበኸኻ ድማ ክትመጽእ እእዝዘካ አሎኹ ፡" በሎ ።

ወዮ መስኪናይ ወዲ ፡ እናጕሃየ ፡ ከብኡ ከደ ። ነቲ እተቀ በሎ ትእዛዝ ድማ አበርቲዑ ሓሰበሉ ። ከም'ቲ እተአዘዘ እንተ ዘይ

ገበረ ኸአ እቲ ንጉስ ክይቀትሎ ይፈርህ ነበረ ። ንጽባሒቱ እቲ ወዲ ፡ እንታይ ገበረ ይመስለካ ፧

ንሱ ፡ ሓደ ብዙሕ ሓጺር በቐሊ ተወጢሑ ፡ ኣእጋሩ ነቲ ምድሪ እናተንከየ ፡ ኣብ ኣዒንቱ ድማ ፡ መታን ኪነብዕ ፡ ሓደ ሽጕርቲ ሒዙ ፡ እናሰሓቐ ፡ ኣብቲ ኣደራሽ ንጉስ መጸ ።

እዚ ወዲ ሜለኛን ንፉዕን ኰይኑዶ ኣይርኣየካን ፧

# መንገደኛታትን ሓንቲ ኣምን

ሓደ ሓጋይ ፡ ፍርቂ-መዓልቲ ፡ ገለ መንገደኛታት ፡ ካብ ምርሓቕ መንገድን ካብ ምብርታዕ ሃሩርን እተላዕለ ፡ ጠመዩን ጸምኡን ። ኪኸዱ ከለዉ ፡ ሓንቲ ጽቡቕ ጽላል ዝነበራ ኣም ረአዩ እሞ ፡ ኣብአ ከይዶም ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላላ ኣዕረፉ ። ኣጸቢቖም ምስ ኣዕረፉ ፡ ንላዕሊ ገጾም ቍሊሕ በሉ ፤ "ፍሬ ዜብላ ዘይትጠቅም ኣም ፤" ኢሎም ድማ ሓመዩዋ ። ሽዑ እታ ኣም ፤ "ኣቱም ዘይመማስውቲ መንገደኛታት ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላለይ እናዕረፍኩም ክነስኹምሲ ፡ ስለምንታይ ኢዩ ዘይትጠቅም ኢልኩም እትሓምዩኒ ፤" ኢላ ኣሕፈረቶም ።

እቶም መንገደኛታት ዘይመማሰውቲ ከም ዝነበሩዶ ኣይመሰለካን ፧

# ክ ል ተ ሕ ቶ

እነዋለ ክልተ ሕቶ ። መን ይፈልጥ ምላሽ ክትህቡለን ክየሸግሩኹም እፈርህ ኣሎኹ ።

፩ ። ስለምንታይ እየን ኣዒንትና ሰም-ሰም ዝብላ ፤ ከምቲ ገጽናን ኣእዳውናን ዚረስሑ ፡ ከምኡ ከአ ኣዒንትና ርስሓት ይመጸን ኢዩ ። ብጀካዚ ድማ መታን ምርኣይ ክንክእል እቲ ኩብ



ሮ-ዓይኒ ራህዲ ይርህድ ። ኣብ ልዕሊ ነፍስ-ወከፍ ዓይኒ ፡ ንብዓት ዝሓዘ ዋህዮ ኣሎና ። ንብዓት ዜዕቍር ስለ ዝኾነ ኸአ ዋህዮ ንብዓት ንብሎ ። እቲ ላዕላይ ቈርበት ፡ ዓይኒ ፡ ነቒጺ ምስ ዚስምዖ ፡ ነቲ ሓንጐል ጸገሙ ይነግሮ ፡ ሽዑ እቲ ኵብሮ-ዓይኒ መታን ነተን ኣዒንቲ ኪሓጽበን ክጽርየን ነጥቢ ንብዓት የውርደለን ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ኢዩ ምኽንያት ሰም-ሰም መበሊና ።

፪ ። ሓድ-ሓደ ለይቲ ስለምንታይ ኢና ካብ ክልአ ለይቲ ኣዝዩ ዝወሓዱ ከዋክብቲ እንርኢ ፤ ኵሎም ከዋኽብቲ ቍጽሮም ከየጥፍኡ ኩሉ እዋን ኣብ ሰሰፈሮም ኢዮም ዘለዉ ። እንተኾነ ፡ መን ይፈልጥ ፡ ኣብቲ ኣየር ዶሮና ስለ ዘሎ እቶም ብዙሕ ናእሽቱን ኣዚዮም ርሒቖም ዘለዉ ከዋክብቲ ፡ ንምርኣዮም ይሽግረና ኢዩ ።

# ሓ ሳ ኹ ።

ሓሳኹ ንሰብነቶም ከመይ ጌሮም ከም ዚከላኸሉላ ።

ሓሳኹ ክብቶም ኣብ ዙርያኦም ዚነብሩ ጸላእቶም ፡ ነታ ሰብነቶም ብዘገርም መገዲ ይከላኸሉላ ኢዮም ። እንዕከትን ንህብን ኪከላኸሉ ምስ ዚደልዩ ፡ ኣጽዋሮም ሕንዚ ኢዩ ። ከም እኒ ጸጸ ዘመስሉ ሓሳኹ ድማ ፡ በቲ ብርቱዕ ኣስናኖም ይከላኸሉ ።

ክልኣይ መገዲ ምክልኻል ድማ ኣሎዎም ። ጸላእቲ ኪበልዕዎም ምስ ዚመጽዎም ፡ ዘፈንፍን ሰብነት ሒዞም ይጽንሕዎም ። እስታት ኵሎም ነቐዝን ጽንብላሊዕን ፡ ጸላእቶም ፡ ብሕብሮም በህዘየብሉ ሓሳኹ ምኽኖም ስለ ዘለዩዎም ፡ ሓዲጎምዎም ይኸዱ ።

እንሆ ሳልሳይ መገዲ ምክልኻል ። ንሳቶም ክብቲ ንቕድሚ ኣም ዝረኽብዎ ሰፈር ተሓቢኦም ይቕመጡ ፡ ነቲ ዘሎውዎ ሰፈር ከአ ይመስሉ ። ገለ ኻባታቶም ኣብ ገረብን ጨንፈርን ይለግቡ እሞ ፡ ነቲ ሰፈሮምዎ ዘለዉ ጨንፈር መሲሎም ይቕመጡ ። ክል

አት ድማ ነቲ ሰፈሮምዎ ዘለዉ ምድሪ ዚመስሉ ስለ ዝኾኑ ፡ ጸላእቶም ከየለለይዎም ይሓልፍዎም ።

ሓሳኹ ሸሕ'ኳ ደካማታት እንተ ኾኑ ፡ ካብ'ቶም ካብኦም ዚገዝፉን ዚሕይሉን አዕዋፍ ፡ አትማን ፡ ክልአት እንስሳታትን ፡ ብዚ ከኣሉም መገዲ ካብ ጻላኢ ይሕለዉ ።

# ብርቱዕ መስተ ።

ብርቱዕ መስተ ፡ ሕንዚ ስለ ዘለዎ ፡ ንሰብነት ይጉድእን የሕምቕን ። አብ ሓደ ስኹር እሞ ተመልከት ። ንሱ ሕማቕን ደካማን ኢዩ ። ብእግሩ ደው ምባል ይስእን ፡ ሰንከልክል ይብል ፡ ትንክይ እንተ አበልክዎ ናዕ ቢሉ ይወድቕ ፡ ዓይኑ ሕውዝውዝ ይብሎ ፡ አእምሮኡ ይጠፍእ ፡ አፉ ፡ ይለከት ፡ ዝረአዮ ይስሕቆ ፡ ገንዘቡ ዘርምዘርሞ ይኸውን ፡ ሰብነቱ ይሓምቕን ይደክምን ። ሕንዛም መስተ ፡ ሕማምን ድኽነትን የምጽአልካ ። መወዳእትኡ መዋእል የሕጽር ።

እንሆ ሓደ ሓጺር ዛንታ ፡ አስተውዒልካ አንብበ ።

ሓደ ሰብአይ አርባዕተ ደቂ ነበርዎ ። እቲ ሓደ ከባታቶም ስራሑ ፤ ምግፋፍ ዓሳ ነበረ ። ሓደ መዓልቲ ፡ ዓሳታት ኪገፍፍ ከሎ ጃልባኡ ብብርቱዕ ህቡቡላ-ንፋስ ተገልቢጣቶ አብ ባሕሪ ጥሒሉ ሞተ ። እቶም ክልተ አሕዋቱ ፡ ተወለፍቲ ብርቱዕ መስተ ስለ ዝነበሩ ፡ አብ ቤት መስተ ዙንዙን በሃልቲ ኾኑ ። ብሞት ሓዎም ስለ ዘይሓዘኑ ፡ በቲ መዓልቲ ሞቱ ፡ አብ አፍ ደገ ቤት መስተ ጭንን ኪብሉ ወዓሉ ።

እቶም ቀብሮ ነቲ ሓደ ቁም-ነገረኛ ፡ "ጽንዓት ይሃብካ ደበሳ ኢዮብ ይደብስካ ፡" ኪብሉዎ ቐረቡ ። ንሱ ኸአ ፤ "ሕሰም አይሃብኩም ፡ ሓዘነይ በቲ አብ ባሕሪ ዝጠሓለ ሓወይ ጥራይ አይከነን ፡ ዝገደደ ጓህየይሲ ፡ በቶም አብ ኩባያ አረቂ ዝጠሓሉ ፡ ክልተ አሕዋተይ ደአ ኢዩ ፡" በለ ።



ዜስክር መስተ ኪሰትዩ ዚውዕሉ ጀጋኑ ፡ ወይልኦም ።

ንርእስ'ኻን ንብጻይካን መታን ክትጠቅም ፡ ካብ ሕንዛም መስተ ረሓቕ ።

# ብርቱዕ ፈተና ።

ሓደ በዓል-አታኽልቲ ፡ ጠዓሞ ካብቲ ፍሬ አታክልቱ ፡ ን ሓደ ዓርኩ ፡ ክልተ ጽቡቓት በለስ ፡ ብግህኡ ገይሩ ፡ ሰደደሉ ። እቲ ግዙእ አብ ኢዱ ሒዙወን ኬብጽሐን ኪኸይድ ከሎ ምብልዐን አዋናወንኦ ። ንሱ ነቲ መጺኡዎ ዝነበረ ፈተና ኪስዕሮ አይከኣለን እሞ ፡ ሓንቲ ከብአን በልዐ ። እቲ ተቐባሊ ዓርኩ ፡ ሓንቲ ፍሬ ጥራይ ከም ዘይሰደደሉ ስለ ዝፈለጠ ፡ ነቲ ግዙእ ፤ "እንታይ ኢዩ ነገሩ እዚ ፡" ኢሉ ሓተቶ ። ንሱ ዝገበሮ በደል ተአመነ ።

እቲ ሓታቲ ገሪሙዎ ፤ "በል ከመይ ገበርካ ፡" በሎ ። ንሱ ኸአ ነታ ተሪፉ ዝነበረት በለስ አልዒሉ ፡ ስለ ከረድኦ ፡ ቀሪፉ እናበልዓ ፤ "ከምዚ ኢየ ዝገበርኩ ፡" ቢሉ ፡ ምላሽ ሃበ ።

ከም'ዚ ምግባርሲ ምስ እንታይ ይቑጸር ፤

# ጫማ ብስልኪ ።

ሓደ ድኻ ሓረስታይ ፡ አብ ርሑቕ ሃገር ፡ ሓደ ወዲ ነበሮ ። ንሱ ድማ አዝዩ ድኻ ነበረ ። "ብዙሕ ጨኒቑኒ ኢየ ዘሎኹ እሞ ፡ ሓደ ጽምዲ ጫማ ብቕልጡፍ ክትሰደለይ እልምነካ አሎኹ ፡" ቢሉ ደብዳበ ናብ አቡኡ ጸሓፈ ። እቲ ወላዲ ፡ ለዋህ ስለ ዝነበረ ፡ ብቕልጡፍ ዓዲጉ ፡ ጽምዲ ጫማ አዳለወሉ ። ንሱ ፤ ካብ ምድረ-ባቡር ዝበለጸ ፡ መልእኽቲ ብስልኪ ከም ዚቕልጥፍ ፡ ሰሚዑ ነበረ ። ስለ'ዚ እዘን ጫማታት አብ'ዚ ስልኪ አሲሪ እንተ

አንጠልጠልኩወን፡ንወደይ ቀልጢፈን ይበጽሕአ ኢየን፡ቢሉ ሓሰበ ።

ንጽባሒቱ አንጊሁ ከም'ቲ ዝሓሰቦ ገበረ ። አርሪዱ ድማ ኩነ ትእን ኪርኢ ተመልሰ ። እንተኾነ እተን ጫማታት አይጸንሓአን ። ድሕር'ዚ ክብ ታሕጓስ እተላዕለ አእዳዉ እናአጣቕዔ፡"ክይደናለይ-ክይደናለይ"፡ ኢሉ፡ ዓው እናበለ ጨደረ ።

ሓቂ ኢዩ፡ ምኽድስ ክይደን፡ ማለት፡ ቅድም ዝረአየን ሓላፍ መንገዲ ፡ ክብ ምእሳረን ፈቲሑ ወሲድወን ።

እዚ ዛንታ'ዚ፡ ሓቂ እንተ ደአ ኰይኑ ፡ ከመይ ዝበለ ሰብ ኢዩ ከም'ዚ ዚገብር ፧

ምላሽ ፤ ዘይተማህረ ሰብ ኢዩ ከምኡ ዚገብር ። ዘይተማህረ ሰብ አብ ዙርያኡ ዘሎ መዘወሪት ጥበብ ፡ ብልሓት ዜድሊ ነገር ስለ ዝኾነ ፡ አገባብራኡ ከመይ ከም ዝኾነ አየስተውዓለሉን እዋ፡ ይሰብሮ ሓደው የባላሽዎ ። ደቀይ ፡ አብ ዙርያኹም ዘሎ ስራሓት-ጥበብ ስለ ክትፈልጥዎ ፡ ተመሃሩ ።

# ንፉግ ወዲ ።

ሓደ ሰብአይ መንገዱ ሒዙ ኪኸይድ ከሎ፡ ሓደ አበርቲዑ ዚበኪ ዝነበረ ቈልዓ ተጓነፎ ። እቲ ሰብአይ ፤ "እንታይ ኴንካ፧" ቢሉ ሓተቶ ። ንሱ ኸአ ፡ "አደይ ዝሃበትኒ ሓንቲ ሳንቲም ስለ ዝጠፍአትኒ ኢየ፡" ቢሉ ምለሽ ሃቦ ። "ትም-በል ፡ አጆኻ ፡ እዝስ ቀረብ ኢዩ ነገሩ፡ እንክ ከንድ'ታ ዘጥፋእካያ ገንዘብ፡" ቢሉ ሂቡዎ መገዱ ቀጸለ ። ወዮ ንፉግ ቈልዓ ግና፡ ከምብሓድሽ አም ሪሩ ኪበኪ ጀመረ ። እቲ ዝአበዶ ሰብአይ ገሪምዎ ፤ "ሕጂኸ እንታይ ኴንካ ኢኻ፡" ቢሉ ሓተቶ ። እቲ ክፉእ ቈልዓ፤ "እታ ቀዳመይቲ ሳንቲም እንተ ዘይትጠፍአኒ ሕጂ ክልተ ምኾናለይ ነይረን ኢለ እናሓሰብኩ ፡ እበኪ አለኹ፡" በለ ።

እዚ ቈልዓ ቅጺዕ ኰይኒዶ ይረአየኩም ፧



# ዝብእን መፍለስን ።

ሓደ ለይቲ፡ ወርሒ ደሚቓ ከተብርህ ከላ ፡ ዝብእን መፍለስን አብ ጸብብ መንገዲ ተጓነፉ ።

ዝብኢ ፤ ቅድም አነ ክሓልፍ፡ ወሰን ሓዝ፡ በለ ።

መፍለስ ፤ «አንታ ግናይ በዓል ክፉእ ግብሪ ፡ አነ ዘሕልፈካ በዓል እንታይ ሞያ ኢኻ፤» ቢሉ ምሕላፍ ከልአ ። ድሕሪ ብዙሕ በእሲ ብዘረብ-ዘረብ «አነ እጽብቕ» «አነብ እጽብቕ» ቢሎም ተወ ራረዱ ። ክልቲአቶም ብስምምዕ፡ «ሰብ ኢዩ ዚፈልጥ እም፡ ንዓናይ ንመሳኽር፡» ቢሎም ናብ ሰብ ከዱ ።

ኸዑ መፍለስ ቀዲሙ ፤ «ትፈልጠለይ ሰብ፡ ካብ ዝብኢ አነ ዝጽብቕ ፡ እንተኾነ .... ፡ ተጠንቂቕካ መስክር ፡ ግራት ዕፉንካ አብ ወሰን ኢያ ዘላ ፡» ቢሉ አሰምዓሉ ።

ዝብኢ ከአ ፤ «አይትፈልጠለይን ሰብ፡ መፍለስ ካባይ ዘይጽ ብቕ፡ አስተውዒልካ ተዛረብ፡ አእዱግካ መምስይቲ ኢየን» በሎ ።

ሰብ ንክልቲአቶም ፈርሆም ፡ ብርቱዕ ሕሳብ ድማ ሓዘ ። ንመፍለስ «ንስኻ ትጽብቕ» እንተበለ ፡ ዝብኢ አእዱጉን ጥሪቱን ከይቀትለሉ ፈርሀ ። ንዝብኢ ከአ ፤ «ንስኻ ትጽብቕ» እንተበለ፡ መፍለስ ግራት ዕፉኑ ከይበልዓሉ ፈርሀ ።

ሰብ ካብ መምበሩ ተንሲኡ ፤ «እምስክር አሎኹ ፡ ዝብኢ ነቦኻ ትመስል ፡ መፍለስ ከአ ነቦኻ ትመስል» ቢሉ መስከረ ።

ዝብእን መፍለስን ነነቦአም ዝመስሉ ስለ ዝኾኑ ብዙሕ ተሓጎሱ ።

ሓቂ ዘይምስክር ሰብ ክይተአምን ይነብር ።

# ክርክር ካብ ግቡእካ የብዙር ።

ክልተ ደቂ ብሓደ ኪኸዱ ከለዉ ፡ ከዕካዕ ረኸቡ ። እቲ ቀዳማይ ፤ «አነ ኢየ ዝረአኹዋ እሞ ፡ ንኣይ ትግበእ፡» በለ ።

እተ ክልአይ ድማ ፤ «አነ ኢየ ዘልዓልኩዋ ንአይ ትግበእ ፡» በለ። ኣብ መንጎ ክትያምን ጽልአምን ሓደ ብልደ ዚ.መርሐም ከልእ ወዲ መጸኡ ፡ «አነ ከዓርቀኩም ዝሃብኩኹም ተቐበሉ ፡» በሎም። ንሳቶም ከአ ደቂ ሓንቲ ልባ ፤ «ሕራይ» በልዎ ።

ሽው እቲ ወዲ ንታ ካዕካዕ ሰቢሩ ፡ ነቲ ቀራፍ ኣብ ክልተ መቐሎ ። «ሓደ ምቃል ቀድም ንዓኻ ይግብእ» ቢሉ ነቲ ቀድም ዝረአያ ወዲ ሃበ ። ፍርቂ ቀራፍ ድማ ነቲ ዘልዓለ ወዲ ሃበ ። እታ ከርሳ ግና ፡ «ክንዲ ጻዕረይ ንአይ እያ እት ግበእ ፡» ቢሉ በልዓ ።

እቶም ደቂ ብዙሕ ጐሃዩ ፡ ኪረኽቡዋ ግና ኣይከኣሉን ።

ዘይምትእምማን መሰልካ የጥፍአልካ ።

# ዚ ጋ ደ ል ይ ዕ ወ ት ።

ጻጸ ሓንቲ ፍረ ስርናይ ረኸበ ። ብኹሉ ሓይሉ ናብ ቤቱ ጸይሩ ኬእትዋ ድማ ተጋደለ ። ፍረ ስርናይ ንሓደ ጻጸ ብዙሕ ከቢድን ዘጽዕርን ሽኽሚ ኢዩ ። እታ ዚኸደላ ዝነበረ መንገዲ ድማ ብርቱዕ ሳዕርን ዕንጨይትን ተጋዲሙዋ ነበረ እሞ ፡ እናዓ ገቶ ብዙሕ ተሸገረ ። እታ ፍረ ስርናይ ነኺሱ ብልዕሊ ዕንጨ ይትን ሳዕርን ኪሓልፍ ፈተነ ። ኣብ ፍርቂ እቲ ዕንጨይቲ ምስ በጽሐ ቊልቊል ኣፉ ወደቐ ። ብኡ - ብኡ ድማ ተንሲኡ ፍረ ስርናዩ ነኪሱ ንላዕሊ ገጹ ተጓዕዘ ፡ እንተ ኾነ ኣብ ዝሓ ሰበ ከይበጽሐ ፡ ከም ቀደሙ ብዙሕ ሳዕ ወደቐን ተንሰአን ። ምስናይ'ዚ ኩሉ ግና ሕልናኡ ኣየዕረበን ። መሊሹ ፡ እስኪ ሕጂ ድማ ክፍትን ቢሉ ደየበ እሞ ፡ ኣብ ዝሓሰበ በጽሐን ተዓወተን ።

እዚ ኩሉ ኪጽዕር ከሎ ሓደ ቈልዓ ይምልከቶ ነበረ ። ንሱ ብዝዓበየ ሓደ ካብ'ቶም ሰበ - ስልጣን ኮነ ፡ ንዝሓሰበ ምፍጻም ድማ ብዓል ጽዓትን ብርቱዕ ጻዕረኛን ኮነ ።



ካብ'ቶም ብዘበኑ ዝነበሩ ሰባት ፡ ከም'ዚ ዝበለ ጽዓትን ትብዓ ትን ከመይ ቢሉ መጸካ ቢሎም ሓተትዎ ። "አነ ብንእሽቶይ ከሎኹ ካብ'ቲ ደቂቕ ፍጥረት ጻጸ ኢየ ጸዓት እተመሃርኩ ፡" ቢሉ መለሸሎም ።

ዮሴፍ ሰሎሞን ።

# ወ ኸ ር ያ ን ራ ዛ ን ።

ሓንቲ መዓልቲ ፡ ወኻርያ ፤ ንራዛ ፡ ናብ ገዝአ ዓዲማ ፡ ጽቡቕ ም ሳሕ ኣብ ሓደ ገፊሕን ጸፊሕን ሸሓን ቀረበትሉ ። ራዛ ኣፉ ነዊሕ ስለ ዝኾነ ምብላዕ ጸገሞ ። ወኻርያ ግን ንበይና ንዅሉ እቲ መግቢ በልዓቶ ።

ዝገበረቶ ክይአኽላ ኸአ ንራዛ እናላገጸት ፤ "ፍቁር መሓዛይ ብዙሕ ስለ ዘይበላዕካ ሕዝንቲ ኢየ ፡" በለቶ ። ራዛ ዘረብአ ምስ ሰምዐ ፤ "ኣይከነን አነ ጽቡቕ ምሳሕ ተመሲሐ ፡ የቐንየለይ ፡ እንተ ኾነ ንጽባሕ ኣብ ገዛይ ምሳይ ክትምስሒ እዕድመኪ አሎኹ ፡" በላ ።

ንጽባሒቱ ወኻርያ ከም ውዕላ ኣብ እንዳ መሓዝአ ከደት ። ራዛ ሓደ ጽቡቕ ምሳሕ ኣብ ሓደ ነዊሕ ዝኸሳዱ ጥርሙዝ ቀሪ ቡ ተጻልዩ ጸንሓ ። መአዲ ምስ ተቐረበ ፡ ራዛ አጸቢቑ በልዐ ። ወኻርያ ግና አፉ አልሚጻ ተረፈት ። ሽው ወኻርያ በደላ ተፈ ለጣ ፡ ርእሳ አድኒና'ውን ከደት ።

ደቂ ፡ ኢድ ሸናሒት ፡ ጸናሒት ኢያሞ ፡ ጽቡቕ ንምግ ባር ጥራይ ተጋደሉ ።

በርሀ ምስጉን ።

# ሓዳሽ ዓርኪ ።

ሓደ መጽሓፍ ኣብ ገዛ ሓደ ተመሃራይ ከይዱ ኳሕ - ኳሕ ኣቢሉ ፡ ፍቓዱለይ ዓርከይ ክኣቱ ፡" በሎ ።

ተመሃራይ ፤ " "እቶ መን ኢኻ ፤ ቢሉ ሓተቶ ።

መጽሓፍ ፤ "ኣነ መጽሓፍ ዓርክኻ ኢየ ፡ ትፈቕደለይዶ ኢኻ ክም
ብጫይክ ኲይነ ሓደ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ክምሀረካ፡"

ተመሃራይ ፤ ተሓጉሽ ሕራይ እብለካ ፡ እንተ ኲነ ግና ንስኻ ብወ
ረቐት ዝተሰራሕካ ኢኻ ፡ ክማይ ኣይትዘልል ፡ ኣይትጻወት ፡
ኣይትዛረብን ኢኻ ።

መጽሓፍ መለሰ ፤ መን ኢዩ ፡ ንኣይ ኣይዛረብን ዚብለካ ዓርከይ ፤
ኣነስ እዛረብ ኢየ ፡ ካብ ኵሉ ዝበለጸ'ኳ ቋንቋታት ነእምሮ
ዚጠቅም ትምህርትን እናሓሬኹ ንልብኻ ሀድኣት ፡ ንኽናና
ርከ ሓቂ ፡ ዘምህረካ ኣነ ጥራይ ኢየ ። እንተ ኾነ ግዳ
እቲ ንስኻ ንኽንቱ ክትዘውር ከሎኻ ስኣን ዝቐልዓኒ ዓቕ
ለይ ክይጸበኒ እሞ ፡ ክይፈርደልክስ ፡ ኵሉ እዋን ክም እት
ግንጽለኒ ግበር ።

ተመሃራይ ፤ እምበኣርከስ ድሕሪ ሕጂ መታን ከይትፈርደለይ ኵሉ
ጊዜ ክግንጽለከን ምሳኻ ክዛረብን ኢየ ።

<table>
<tr><td>መጽሓፍ ፤ ገንጺልካ ትሓድገኒ<br>ይመጹ ዘይፈልጡኒ<br>እንታዩ እዚ ይብሉኒ<br>ዋና ዘይብለይ ርእዮሙኒ<br>ኣልዒሎም ይቐዱኒ<br>ኣብ ምድር'ውን ይድርብዩኒ</td><td>ብዙሓት ይረግጹኒ<br>ድሓር ኣበይ ትረኽበኒ<br>ሎሚ እንተ ዘየጻወትካኒ<br>ጽዓት ግበር ፡ ኣንብበኒ<br>ንደሓር ከይትሓምየኒ<br>ክህበካ'የ ኣነ'ውን ዘሎኒ ።</td></tr>
</table>

ብጊዜ ጻውትን ብጊዜ ስራሕን ኪግበር ዚግብኦ ነገር ኵሉ ኣበይ ኣሎ ፡ ስለ'ዚ ክምቲ ዘልኩኻ ኣይትሰልኪ ኢኻ ፡ ኢሉ ዘረብኡ ወድአ ።

ፍስሃየ በሀታ ።



# ተንኰለኛ ምኽሪ

ኣርባዕተ ኣብዑር በበይኑ ዝሕብሮም ፡ ጻዕዳ ፡ ጸሊም ፡ ጨዓይ ፡ ቀይሕ ፡ ካብ ሰብ ርሒቖም ፡ ኣብ በረኻ ይነብሩ ነበሩ ። መዓልቲ ሳዕ ሮም ብልዕ ውዒሎም ፡ ምሸት ኣብ ሓደ በታ ይድቅሱ ነበሩ ። ኣብ መንጎኦም ኣራዊት ከይኣቱ ኸአ ሓደ ንምብራቕ ፡ ሓደ ን ምዕራብ ፡ ሓደ ንሰሜን ፡ ሓደ ኸአ ንደቡብ ገጾም ገይሮም ይድ ቅሱ ነበሩ ። ኣራዊት ኵሎም ከመይ ገይሮም ከምዚቅትሉዎም ጠፍኦም ።

ወኻርያ ፡ "ኣነ ኣብ ኢድኩም ክውድቖምሲ ፡ ምሳኻትኩም ስጋ ኣብልዑኒ" በለቶም ። ንሳቶም ከአ ፤ "ሕራይ ፡" በልዋ ።

ሽዑ ወኻርያ ፡ ናብቶም ኣብዑር ከይዳ ፡ ንቶም ሰለስተ ፤ "ብጻ ዕዳ ምኽንያት ክትጠፍኡ ኢኹም ፡ ንሱ ጻዕዳ ክይኑ ብዥሉ ም ኣራዊት ይጥመት ኣሎ ፡ ብለይቲ መጺኦም ፡ ኪቐትልኹም ኢዮም ፡" ኢላ ምኽሪ መጽወተቶም ።

ንሳቶም ሓቂ መሲሉዎም ፡ ንጻዕዳ ከብኣቶም ሰጐጉዎ ። ንበይኑ ምስ ተፈልየ ኸአ ፡ ኣራዊት በልዕዎ ።

ወኻርያ ፡ ሓያሎይ መዓልታት ጸኒሓ ፤ "ሕጂውን ጨዓይ ደኣ የርእየኩም ኣሎ እምበር ፡ ንብረትኩም እዝዩ ሎሚ ይሓይሽ ፡" ኢላ ተዛረበቶም ።

ንእኡ'ውን ሰጐጉዎ እሞ ፡ ንጻዕዳ ዝወረዶ ድንገት ድማ በጽሖ ። ጸሊምን ቀይሕን ምስ ተረፉ ፡ ወኻርያ ከም ልማዳ ንጸሊም ፡ "ንስኻ በይንኻ ጥራይ እንተ ትኸውንስ እምበር ፡ ሕብርኻ ጸሊም ስለ ዝኾነ ሓደ ኣራዊት ብለይቲ ዝርእይኻ ኣይምረኸብካን ፡ ስለ'ዚ ንበይንኻ ኩን" ኢላ ፡ ፈልያ ፡ ንኽሎም ፡ በብሓደ ፡ ብኣራዊት ኣቕተለቶም ።

ንብጫዩ ብተንኮል ዚመክርን ዚሕግዝን ሰብ ፡ ብጫይ ከ ታሪ ኢዩ ።

ሰሀለ ዓንድሚካኤል ።

# ብዛዕባ ማሕረስ

ሰባት፡እኽሊ ምእንቲ ኪረኽቡ፡ንመሬት ይሓርሱ ። ዚሕረስ መሬት ፡ ጎበ ሓደው ጎልጎል ኪኸውን ይኽእል ኢዩ ። ግራት ማይ ምእንቲ ኪሕዝ፡ኪዳላደል ይግበእ ። ሓመድ ዝበዝሖ ምድሪ፡ናብቲ ሓመድ ዝውሓደ፡ካብ ዝበረኸ ናብ ዝነመቼ፡እናኰዓትካ ኪዳላደል ይግባእ ። ውሕጅ ምስ ዚመጽእ ሓደው ብርቱዕ ዝናብ ምስ ዚዘንብ ፡ ነቲ ጽቡቕ መሬት ናይ'ታ ግራት፡ሓጢጡ ስለ ከይወስዶ ድማ፡ድልዱል ደረት ምስራሕ የድሊ ። መሬት ፤ ብዙሕ ማይ ዚሰቲ፡ ዘይሰቲ፡ ተሪር፡ ደበቅበቓ፡ ውዑይ፡ ዝሑል ተበሂሉ ፡ አብ ሽዱሽተ ክፍሊ ይኽፈል ። ብዙሕ ማይ ዚሰቲ ፤ ከም ሑጻ፡ ብዙሕ ዘይሰቲ ፤ ከም ዋልኻ ፡ ተሪር ፤ ከም ባዕክል ፡ ደበቅበቓ ፤ ከም ጐዳፍ ሓደው ከም ዱኽዒ ኢዮም ። ናይ ቋላ ሃገር መሬት ውዑይ፡ናይ ከበሳ ሃገር መሬት ከአ፡ዝሑል ኢዩ ። መሬት-ዓመት ዓመት ክየቋረጽካ ምስ ዝሕረስ ብዙሕ ኪፈሪ አይኽእልን፡ስለ'ዚ ዕረፍትን ምድኻዕን የድልዮ ። ተሓሪሱ ዘይፈልጥ መሬት (በዱ) ኪሕረስ ዝነበረ ዝዓረፈ መሬት ድማ ቃድራ፡ይብሃል ። መሬት ቃዲሩ ሓደው በድዩ ዝነበረ ምስ ዚሕረስ ፤ እቲ ቀዳማይ ማሕረሱ ጽግኢ ፡ እቲ ካልአይ አይሚ ፡ እቲ ሳልሳይ ተሰላስ፡እቲ ራብዓይ ራብዔን ወይ ግንበት ይብሃል ። አብ ሃገርና ንመሬት ብኽልተ አብዑር ንሓርስ ። አብ ካልአት ሃገራት ዓለም ግና ፡ በፍራስን ብማኪናን ይሓርሱ ። እቶም ብማኪና ዚሓርሱ ሰባት፡ ነቲ መሬት አጸቢቆም ይሓርስዎ ። ድኹዒ ንግራት የስብሖን የጸብቆን ። አብ ሃገርና ዚፍለጥ ዓይነት ድኹዒ ፤ ዒባ ከብቲ ፡ ዓኽር ጠሉ-በጊዕ ፡ ፋንዲያ መጽዓኛን ጥራይ ኢዩ ። ፈረንጂ ግና ፡ ብጃ'ካቲ አብ ሃገርና ዚግበርስ፡ ዝኾነ ጐሓፍ ፡ ከም ተረፍ መግብን ካልእ ዓይነት አፋውስን ፤ ከም አሞንያከ ወሲኾም ንግራውቶም አጸቢቆም ይድኹዕዎን ይከናኽንዎን ። ግራት ተዘሪኡ ምስ በቘለ ፡ ምስቲ እኽሊ ፡ ጻህያይ ይበቍል ኢዩ ።



ንሱ ነቲ እኽሊ ሓደው ተኽሊ የዳህሮን አየር ድማ አይህቦን ። ኤረ ገሊኡስ እኳ ነቲ እኽሊ ይሓንቖ ። ስለ'ዚ ግራት ምስ ተዘርአ ሓደው ተኽሊ ምስ በቘለ ፡ ኲስኵሰን ጻህያዮን ። መሳርያ ሓረስታይ ናውቲ ይብሃሉ ። ንሳቶም ከአ ፤ ነዊት ፡ ዕርፊ ፡ ማሕረሻ ፡ አዳጥር ፡ ቅትርቲ ፡ ከርፊስ ፡ ውሻል ፡ አርዑት ፡ ቈራቕሮ ምራን-ቀደም ፡ ምራን-ከርፊስ ፡ ምራን-ቈራብዓት ፡ ይብሃሉ ።

ያእቆብ ደስታ ።

# ንጉሥ ፈታው ወርቂ

ሓደ እዋን ፡ ወርቂ ዚፈቱ ንጉሥ ይነብር ነበረ ። ንሱ ዝተንከዮ ዘበለ ኵሉ ወርቂ ኪኸውን ይትምነ ነበረ ። ሓደ መዓልቲ ፡ ከም ትምኒቱ ስለ ዝኾነሉ ፡ ብዙሕ ገረሞ ። ነቲ ዓራቱ እንተ ተንከዮ አብ ወርቂ ተለወጠ ። ከምኡ ኸአ ነጸላታቱን ጋቢኡን እንተ ተንከዮ ወርቂ ኾነ ። ክዳውንቱ ኪኽደን ኢሉ እንተ ተንከዮ ወርቂ ተለወጡ ። አብ አታኽልቱ ከይዱ ገለ ዕንባቦም አብ ወርቂ ተለወጡ ። አብ አታኽልቱ ከይዱ ገለ ዕንባባታት እንተ ቐንጠበ ኸአ ወርቂ ኾነ ። ኪበልዕ ኢሉ አብ መአዲ እንተ ቐረበ ድማ ፡ ክራን ሽኻን ጥራይ ዘይኰነስ እቲ መግቢ ከይተረፈ አብ ጽኑዕ ወርቂ ተለወጠ እሞ፡ ምብልዑ ሰአነ ። 'እንታይ ነገሩ ኢዩ እዚ !" ኢሉ ኪግረም ከሎ ፡ ጓሉ እብታ ዝነበራ ክፍል-ቤት መጸቶ ። ክትስዕሞ ኢላ ጐያ ቀረበቶ ፡ ስለ ዝተንከያ ድማ አብ ወርቂ ተለወጠት ። ቅድሚ ቁሩባት ሚኑታት ነታ ዘፍቅራ ጓሉ ብህይወታ ኪርእያ ነይሩ ፡ ሓንቲ ብወርቂ ዝተሰርሐት ንቑጽ ምስሊ ጓል ኰነትሉ ። ሽዑ እቲ ኪገብሮ ዚትምነዮ ዝነበረ ክእለት ኬልግስሉ ለመነ ። አምሪሩ ለመነ እሞ፡ እቲ ካልአይ ትምኒቱን ልማንኡን ድማ ተሰምዓሉ ። ጓሉ ከም ብሓዲሽ አብ ህይወት ቀደማ ተመልሰት ። እቲ አቑሑ ብምትን

ካይ አብ ወርቂ ተለዊጡ ዝነበረ ድማ ፡ አብ ንብረት ቀደሙ ተመልሰ ። ድሕርዚ ፡ እቲ ንጉስ ፡ ወርቂ ኪርአ አይፈቱን ነበረ ።

ወርቂ ጽቡቕ ኢዩ ፡ እንተኾነ ካብኡ ዚበልጽ ነገር ተተምነ ።

## ዕ ዉ ር  መ ፍ ለ ስ

ሓደ ሃዳናይ ጠበንጃኡ ሒዙ ኪሃድን አብ ጸምጸም በረኻ ወፈረ ። አብኡ ክልተ መፍለስ ተመራሪሖም ኪኸዱ ረኸበ ። ሽዑ ንሱ ጠሚቱ ነቲ ዳሕረዋይ መፍለስ ብዓረር ኪወግኦ ተኰሰሉ ። እቲ ሃዳናይ ድሕርቲ ተኾሲ ፡ ሓደ ዜገርም ነገር ረአየ ። እቲ መራሒ መፍለስ ሃዲሙ ኸደ ። እቲ ተመራሒ ግና ዜገብሮ ጠፊኡዎ አብ እፉ ቍራጽ ጥፍረርያ ዚመስል ሒዙ ፡ ተዓኒዱ ጠጠው - ጠጠው ይብል ነበረ ። እቲ ሃዳናይዝወግኦ መሲሉዎ ሰላሕ ኢሉ ቀረበ ፡ ከም ዘይወግኦ ግና አጸቢቑ አስተውዓለ ። ምስቲ ዝሃደመ ብጫዩውን ስለ ዘይከደ ብዙሕ ገረሞ ። ወዮ ሃዳናይ ካብ ምግራም እተላዕለ ፡ ሰላሕ ኢሉ ፡ አዚዩ ቀሪቡ ጠመቶ ። እቲ ቍራጽ ጥፍረርያ ዚመስል ዝነበረ ፡ ቍራጽ ጭራ'ቲ ዝሃደመ ብጫዩ ከም ዝነበረ ፈለጠ ። እቲ ከይሃደመ ዝተረፈ መፍለስውን ዕዉር ከም ዝነበረ ተረድአ ። እታ አብ እፉ ዝነበረት ጭራ ብዓረር ተቘሪጻ ከም ዝተረፈት አስተውዓለ ። ድሕሪ አስታት ክልተ ሰዓት ፡ እቲ ሃዳናይ ፡ ነታ ጕናይ ጭራ ሒዙ ነቲ ዕዉር መፍለስ እናመርሐ አብ ገዛኡ አብጽሖ እሞ ፡ ንእኡ ዚጠቅም መግቢ እናመገበ ፡ ክሳዕ ዚሰብሕ አብ ገዛ ይከናኸኖ ነበረ ።

ግሩም ነገር ። እንስሳ ንብጫዪዎም ምግባር ሰናይ ካብ ዚገብሩስ ፡ ንሕና ሰብ አእምሮ ተዋሂቡና ዘሎ ፤ ንዝጸገሞም ወለድና ፡ አሕዋትና ፡ አዕሩኽና ፡ ብሙትና ክንሕግዞምዶ አይግብአናን ፤



## ሓደ ዕዉር ግዙእን ሓደ ሰራሕ ዜብሉ ጐበዝን

ሓደ ለይቲ ፡ አብ ባግዳድ ፡ ብጸልማት ፡ ሓደ ግዙእ ፡ ማይ መታን ክምጽእ ፡ ካብቲ ግቢ ራሺድ-ዓሊ ወጸ ። ንሱ አብ ርእሱ ሓደ ዓቢ ዕትሮ ጸይሩ አብ ኢዱ ድማ ፡ መብራህቲ ሒዙ ነበረ ። ዕዉር ስለ ዝነበረ ድማ ፡ በታ ከላአይቲ ኢዱ ሃሰስ እናበለን እናተጠንቀቐን ይኸይድ ነበረ ።

ወዮ ዕዉር ፡ መታን አብቲ ማይ ዚውረዶ ሰፈር ኪበጽሕ በቲ ዕዳጋ አቢሉ ኪኸይድ አድለዮ ። አብቲ ማእከል ዕዳጋ ፡ ሓደ ወዲ ሃብታም ነጋዳይ ፡ ሰራሕ ዘይነብሮ ዕድሜኡ ምሉእ በዘንተኛ ፡ ጠጠው - ጠጠው ይብል ነበረ ፡ ንሱ ነቲ ግዙእ አጸቢቑ ይፈልጦ ነበረሞ ፡ እቲ ዑዉር ሰብአይ ምስ ቀረበ ዓውኢሉ እናሰሐቐ ፤ "አታ ዓሻ ፡ መብራህቲ ንእኻኸ ፡ እንታይ ኪገብረልካ ኢዩ ፤ መዓልትን ለይትን ፡ ሓደዶ ክይከነ ንአኻ ፡" በሎ ።

እቲ ዕዉር ሰብአይ ከይኰረየ ብህድኣት ፤ "መብራህቲ ንአይ ፡ መታን አብ ጸልማት ንየው - ነጀው ክይብል እሞ ፡ ክብርሃለይ ኢለ አይኰንኩን ጸይረዮ ዘሎኹ ፡ እንተ ኾነ ግዳ ፡ ከማኻ ዝበሉ ፡ ሰብ ቀሊል አእምሮ ፡ ካብ ሓደ ስፍራ ፡ አብቲ ኻልእ ሰፍራ ኪሳገሩ ኪብሉ ፡ ብጸላም ክይረአዩኒ ፡ ከየንንጹንን ክይድርቡይንን ፤ ዕትሮይውን ከየሰብሩኒ ቢለ ኢየ መብራህቲ ሒዘ ዝኸይድ ዘሎኹ ፡" ቢሉ ምላሽ ሃበ ።

ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ ።

## ዕዉራት ሰባትን ሓደ ሓርማዝን

ሽዱሽተ ዕዉራት ፡ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ፡ አብ ጥቓ ሓደ ዓዲ ፡ አብ መንገዲ ከፍ ቢሎም ፡ ንዝሓለፈ በዓል መንገዲ ኪልምኑ

ይውዕሉ ነበሩ ። ንሳቶም ፡ ሓደ ለማዳ ሓርማዝ ፡ ዋናኡ እናመርሖ ፡ ኣብቲ ዓዲ ከም ዚዘውር ሰሚዖም ነበሩ ፡ ንምርኣዩ'ውን ብዙሕ ባሕጊ ነበሮም ። እንተኾነ ፡ ዕዉራት ስለ ዝነበሩ ፡ ብዓይኖም ኪርእይዎ ኣይኽእሉን ።

ብዕድል ፡ ሓደ መዓልቲ ፡ እቲ ሓርማዝ ፡ ኣብቲ ዕዉራት ዝነበሩዎ መንገዲ መጸ ። እቶም ዕዉራት ምምጽኡ ፡ ምስ ሰምዑ ፡ ተቐላጢፎም ነቲ ዋናኡ ፤ እረምሲሶም ከመይ ዝበለ እንስሳ ከም ዝነበረ ንምፍላጥ ፡ ድላዮም ስለ ዝነበረ ፡ ጠጠው ኬብሎም ለመንዎ ።

እቲ ቀዳማይ ዕዉር ፤ ዝባንቲ ሓርማዝ ኣረምሰሰ እሞ ፡ "ጽቡቕ-ጽቡቕ ፡ ሎሚ ሓርማዝ ፤ ከም ሓደ ገዚፍ መንደቕ ምዃኑ ፈለጥኩ ፡" ቢሉ ጨደረ ።

እቲ ካልኣይ ዕዉር ፤ ነቲ ስኒ ሓርማዝ ኣረምሰሰ ፡ "እንታ ሓወይ ፡ ተጋጊኻ ፡ መንደቕ ኣይኮነን ዚመስል ፡ በዕለይ ኣጸቢቐ ኣረምሲስዮ ፡ ስለዚ ከም ሓደ ከቢድን ልሙጽን በሊሕን ኲናት ኢዩ ዚመስል ፡" በለ ።

እቲ ሳልሳይ ፤ ነቲ ንጎት ኣረምሰሰ ፡ "ክልቲኣትኩም ተጋጊኹም ሓርማዝሲ ንሓደ ገበል ኢዩ ዚመስል ፡" በሎም ።

እቲ ራብዓይ ድማ ፤ ተቐላጢፉ ሓደ ከብቲ መሓውሩ ኣረምሰሰ እሞ ፡ "ንስኻትኩም ብናይ ሓቂ ዑረት ዝዖርኩም ኢኹም እዚ ሓርማዝ እዝስ ከም ሓደ ከቢብን ረጕድን ጕንዲ ገረብ ኢዩ ዚመስል ፡" በሎም ።

እቲ ሓምሳይ ጉልቡት ዕዉር ድማ ፤ ነቲ እዝኒ ሓርማዝ ኣረምሰሰ እሞ ፡ "ኵሉ እዚ ንስኻትኩም እትዛረብኩምዎ ዘረባ ፡ ከንቱ ኢዩ ፡ ንሱስ ከም ሓደ ገዚፍ ሰተታ ኢዩ ዚመስል ፡" ቢሉ ተዛረበ ።

እቲ ሳድሳይ ከኣ ሃሰስ እናበለ ፡ ነቲ ጭራ ሓርማዝ ሓዘ ። "ኣቱም ዓዋናት ብጮተይ ፡ ምርኣይ ብዓይኒ ጥራይ ኣይኮነን ጉዲሉኩም ዘሎ ፡ እእምሮ'ውን የብልኩምን ፡ እዚ ሓርማዝ እዝስ ከምቲ ንስኻትኩም ፡ መንደቕ ፡ ኲናት ፡ ገበል ፡ ጕንዲ-ገረብ ፡ ሰተ



ታ ፡ ዝበልክምዎ ኣይኮነን ዚመስል ። ሓርማዝስ ፡ ንሓደ ገመድ ኢዩ ዚመስል ፡" ቢሉ ገለጸሎም ።

ድሕርዚ ፡ እቲ ሓርማዝ መንገዱ ሒዙ ኸደ ። እቶም ዕዉራት ከኣ ፡ ከም ልማድ ቀደሞም ፡ ኣብ'ቲ ደረት መንገዲ ከፍ ቢሎም ብዛዕባ'ቲ ሓርማዝ ኪከትዑ ወዓሉ ። ነፍስ - ወከፎም ፡ በብዘረምሰስዎ ፡ እቲ ሓርማዝ እንታይ ከም ዚመስል ከይተሰማምዑ ፡ ብዙሕ ተሰሓሓቡን ተኻትዑን ።

እቶም ዕዉራት ስለ በዒንቶም ዘይረኣዩ ኢዮም እምበር ፡ በብዘረምሰስዎ ኣይተጋገዩን ።

ብዙሓት ሰባት ግና ፡ ዚርእያ ኣዒንቲ ከለውኣም ፡ ዘረባ ዕሽነት ይዛረቡ ። ስለዚ በዒንትኻ ኣቐቢቕካን ኣርጊጽካን ርኤ እሞ ፡ ከይተኻታዕካ ክውንን ሓቅን ተዛረብ ።

# ጸ ማ ም

ሓደ ጊዜ ፡ ሓንቲ ጥቀውትን ንፍዕትን ፈታዊት ስራሕ ጓል ነበረት ። ንሳ ፡ ንእንስሳ ተፍቅር ስለ ዝነበረት ፤ ካብ ኵሉ ስራሕ ንሳ ጕስነት ኣባጊዕ ፈተወት ፡ ኣባጊዓ ወኻርያ ከይትቐትለን ኣጸቢቓ ትሕልወን ፡ ኣብ ዝሳዕረረ በታ ተውዕለን ፡ ማይ ምስ ዚጸምአ ኣብ ጽሩይ ወሓዚ ርበ ኣውሪዳ ተስትየን ፡ ብዙሕ ትከናኸነን ነበረት ። ሓደ መዓልቲ ፡ ከፍ ቢላ ክትሕልወን ከላ ፡ ጸሓይ ኣትሪራ ዘበጠታ ። ካብ ድኻምን ሃሩርን ዝተላዕለ ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓደ ገረብ ከይዳ ደቀሰት ። ደቂሳ ከላ ኣባጊዓ ኣበይ ከም ዘበላ ጠፍኣእ እሞ ፡ ኣብ የማን ኣብ ጸጋም ክትደልየን ከላ ፡ ንሓደ ዚሐርስ ዝነበረ ጸማም ሐረስታይ ፡ ኣባጊዕ ኪሐልፋ ኸለዋ ርእይወን እንተኾነ ፡ ሐተተቶ ። ብዙሕ ሐሪስካ ፡ ክሳዕ ኣበይከ ኢዩ ደረት ግራትካ ዝበለቶ መሰሎ እሞ ፡ ብኢዱ ነቲ ዝሐረሰ ትልምታት ኣመተላ ። በዚ ሓሊፉን ኢሉ ዘመልከታ ድማ መሰላ ። ንሳ ፤ "እዚ እትብሎ ዘሎኻ ሐቂ እንተ ኾነ እሞ ፡ እንተ ረኸብኩወን ፡ ነቲ ሓንክስ ገንሸል ክሀብካ ኢየ ፡" ቢላ

እተስፈያቶ ሓለፈት ። ድሕሪ ቅሩብ እዋን ፡ ካብቲ ዝሕረስ ዝነበረ ግራት ፡ ቀሩብ ርሕቕ ኢሉን ፡ ኣብ ሓንቲ ሽንጭሮ ኣባጊዓ ረኸበትን ። እቲ ዘተስፈወቶ ሓንካስ ገንሸል ሒዛ ነቲ ሓረስታይ ፤ "እንሆ ፡ እቲ ክህበካ ዘተስፈኹኻ ገንሸል ፡ ሳላኻ ኣባጊዔይ ረኺበየን" ቢላ እናመስገነት ቀረበቶ ። ንሱ ከኣ ፤ "ኣነ ኣይከንኩን ፡ ኣይእነን ኢየ ንገንሸልኪ ዘሓንክስክዎ" ቢሉ ኣበርቲዑ በእዳዉ ኣመተላ ። ንሳ ኸኣ ፡ እንታይ ከም ዝበለ ኣስተውዓለት እሞ ፡ ደጊማ ፤ "ርግጽ ኢዩ ፡ ነዚ ገንሸል ፡ ንስኻ ሰቢርካዮ ኣይኰንኩን ዝብለካ ዘሎኹ ፡" በለቶ ።

ንሱ ስለ ዘየስተውዓለ ፤ ብምንታይ ምኽንያት ንገንሸለይ ሰቢሩላይ እትብሊ ፡ እዚ ስርሔይ ኣይኮነን ፡ ኪበሃሃሉ ኸሎዉ ፡ ሓደ ሓላፍ መንገዲ መጺኡ ፡ ነቲ ነገር ስለ ዘስተውዓለ ዓረቖም ። ኣብ መወዳእታ እቲ ሓረስታይ ፤ "ዘይጸዓርኩሉ ጥሪት ኣይደልን" ቢሉ ምቕባል ኣበየ ።

ኣይሽንኳይ ክትህበም ክሎኻ ኪኣብዩ ፡ ነቲ ጥሪትካ እተዓሻሽዮምን ኣቃሊሎምን ዘይጸዓሩሉ ገንዘብን እንግድዓ ሰብን ኪሃድጉ ዚውዕሉ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ ።

ብርሃጽ ገጽካ ብላዕ ። ዘይጸዓርካሉ ጥሪት ምቕባል ግቡእዶ ኢዩ ፤

# እ ን በ ሳ ን ፅ ን ዝ ሮ ን

ሓደ መዓልቲ ፡ ዕንዝሮ ፡ ኣንበሳ ኣብ ደቂሱላ ዝነበረ ስፍራ ከይዱ ፡ ጅጅ እናበለ ፡ ኪዞር ጀመረ ። ኣንበሳ ኻኣ ብብዙሕ ንፅቀት ፡ "ኣታ ደቂቕ ፍጥረት ካባይ ርሓቕ ፡ እንተዘይከነ ብሓንሳእ ከጥፍኣካ ኢየ ፡" በሉ ። ዕንዝሮ ከኣ ፡ "ትንዕቀኒ ኣሎኻ ፡ ኣነ ግን ምሳኻ ክገጥም እደሊ ኣሎኹ ፡" ቢሉ መለሰሉ ። ኣንበሳ ዘረባ ዕንዝሮ ኣቓሊሉ ፡ ኣብ ኣፍ በዓቱ ፡ በጥ በለ ።

ሽዑ ዕንዝሮ ቀልጢፉ ኣብ ኣፍንጭኡ ኣትዩ ነኸሶም ብኹ



ናት ከም እተወግኤ በፍንጫኡ ደም ተልተል በለ ። ጭራኡ ኣብ ጉድኑ እናሃረመ ፡ ኣስናኑ እናሓርቀመ ፡ ኣብ ምድሪ ዘርጋሕ ቢሉ ሞተ ።

ዕንዝሮ እዚ ምስ ረኣየ ፡ "ንድኹማት ፍጥረት ምንዓቕ ክመይ ዝበለ ዕሽነት ኢዩ ፡" በለ ። እንተ ኸነ ዕንዝሮ ነንበሳ ምስ ቀተለ ብትዕቢት ተነፍሐ ። "ኣነ ንኣንበሳ ንንጉሥ እንስሳ ብሓንሳእ ቀተልክዎ ፡ ደጊም ንዓይ መን ይኽእለኒ ፡ ምናልባሽ ምሳይ ኪገጥም ዚኽእል እንተሎ መታን ክፈልጥ ፡ ንኹሉም ኣብ ዓለም ዘለዉ ክሓትት ክኸይድ ኢየ ፡" ቢሉ እናተጃህረን እናፈከረን ክብ'ቲ ዝነበሮ ነፈረ ። ነዊሕ ከይነፈረ ኸኣ ፡ ኣብ ዓለብ ሳሬት ኣትዩ ፡ ኣእጋሩን መንፈሩን በቲ ቀጢን ፈትሊ ሳሬት ተታሒዙን ተጠናጢኑን ብዙሕ ኪጭነቅ ከሎ ፡ ሳሬት ክብ መደቀሳ መጺኣ ቀተለቶ ።

ዚጅሃር ሰብ ከምዚ ኢዩ መወዳእትኡ ።

# ክ ል ተ ኣ ፅ ዋ ፍ

ሓደ መዓልቲ ፡ ክልተ ኣዕዋፍ ካብ ብጮተን ተፈልየን ዚብላዕ ኪሓልያ ንበረኻ ወፈራ ። ነፊረን ኪኸዳ ከለዋ ፡ ኣብ ሓንቲ ፍሬ ዝመልአ ኣም ሳግላ ኣዕለባ ። ካብኡ'ውን ክሳዕ ዚጸግባ በልዓ ።

በሊዐን ምስ ጸገባ ፡ "ንዓሕራይ መዓልቲ ክትከነናስ ፡ ንብጮትና ኣይንንገር ፡ ተበሂለን ንገዝአን ኣተዋ ።

ኣብ ገዝአን ምስ ሰፈራ ጽጋብ ሰንጢቐወን እቲ እተበሃሀለአ ምዕቋር ስኢነንእ ተጠማሚተን "ትሒም-ትሒም ፡" በላ ።

እተን ብጮተን ድማ ኣብቲ ወፍረን እንታይ ከም ዝረኸባ ኪነግርአን ለመንአን ።

እንተ ኹነ እተን ቀለልቲ ልቢ ጨራሩ ፤ "ናብታ ሳግላ

እንተ ወሰድናክን ጩቅ - ጩቅ እንተ በልክን ጸላኢ ድምጽና ሰሚዑ ክይልሕሰና ኣይንነግረክን ኢና" ቢለን ምላሽ ሃብኣን- እትኣን ክኣ ፤ "ኣይፋልናን ሰላሕ ቢልና ንኸይድ ፡ ሰላሕ ቢልና ክኣ በሊዕና ንምለስ ፡" በልኣን ። "ሕራይ እምብኣር" ቢለን ተመ ራሪሐን ከዳ ። ናብታ ሳግላ ብሓደ በጽሓ ። ኵላተን ክኣ በሊዐን ጸገባ ።

ደጊም ፡ ሓንቲ ካብ ኵላተን ክትወድቕ ደልያ ሰንከል-ከል እናበለት ፤ "ዋይ ወዲቐ ነበርኩ" በለት ። እተን ከልኣት ከኣ ካብ ጽጋብ እታላዕለ ፤ "ኣነኺ ኣነኺ" በላዋ ፤ ኣዋሪ ሰሚዑ ኣርባዕተ ከብኣን ቀተለ ።

ምስጢራዊ ኩን ፡ ጽጋብካ ኸኣ ጸር ።

# ዕዮ ክብረት ኢዩ

ሃብቲ ፡ ክብረት ፡ በረኸት ብዕዮ ይርከብ ። ጥቀዋትን ስልጡ ናትን ህዝቢ ፡ ንዕዮ "ክብረት ኢዩ" ይብልዎ ። ንህቢ ብትግሃት ዚዓዪ ስለ ዝኾነ መዓር ይድልብ ። ኵላቶም ነናቶም ስራሕ ኪ ዓዩ ኸለዉ እዮ ርኣይዎም ፡ ብስርዓት ፡ ብትግሃት ኪዓዩ ይውዕሉ ። ኵሉ በበይኑ ዝኾነ ጥቕሚ ዕዮ በረኸት ኢዩ ። ቀዳሞት ግና ፤ ብዕሽነቶም ጥበብ ይጸልኡ ነይሮም ። እዚ ነገር'ዚ ኸኣ ፡ ንህዝቢ ዘደንቍር ኢዩ ። ንጓሳ ፡ ሰታይ ብራሕ ። ብእድጉን ብግርበኡን ጌሩ ማይ ንዝወርድ ፤ ወራድ ማይ ። ኣቕሑ ንዝስከም ፤ ረፋዕ ። ንሓረስታይ ፤ ደፋእ ድንኩል ። ንጸሓፋይ ፤ ወረቂ ። ንኣንጠረኛ ፤ ጠቢብ እናበሉ ይጸርፍዎም ነበሩ ። ዝሰልጠኑ ሰባት ግና ፡ ዕዮ ፤ ጣዕሚ ፡ ሓጎስ ፡ ሃብቲ ፡ ሊቕነት ፡ ልግሲ ፡ ዕቤት ዜምጽእ ስለ ዝፈ ለጡ ፡ ዕዮ የኽብሩ ኣለዉ ። ብራሃጽ ገጽካ ፡ ብቅንዕናን ብሓቅን ምሂዝካ ምብላዕ ቅኑዕ ነገር ከም ዝኾነ ፡ ኵሉ ፈሊጡዎ ። ኪጽ ልኡ ዚግብኣም ነገርሲ ፡ ትህኪት ፡ ግብዝና ፡ ምልማን ፡ ዕላል ፡ ስርቂ ፡ ምዝማት ፡ ምጥፍፋእ ፡ ነገር ፡ ቁየቓ ፡ ሕሜት ፡ ምጽራፍ ፡ ስኽራን ፡ ኢ



ዩም ። ዓያዩ ሰብ ግን ፡ ንስድራ ቤቱ ይምግበም ይኸድኖም ። ንደቁ ናብ ቤት-ትምህርቲ ሰዲዱ የስተምህሮም ፡ ዓያዩ ሰብ ፤ ሕ ፋር ፡ ክቡር ፡ እሙን ፡ ኩዩን ይርከብ ። ጥቅሚ ጥበብ ብዙሕ ዓይ ነት እዩ ፤ ሓረስታይ ፡ መምህር ፡ ጸራባይ ፡ ነዳቓይ ፡ ጓሳ ፡ ሓላብ ኣሓ ፡ ቀሺ ፡ ነጋዳይ ፡ ተመሃሪ ፡ ሓጻቢ ፡ ሓኪም ፡ ጸሓፊ ፡ ዓቐይታይ ፡ ቈራጽ ዕንጨይቲ ፡ ሰራሕ-ሕመት ፡ በዓል-እታኽልቲ ፡ ሰራሕ-መዘወር ፡ ክንደይ ቢለ'ዎ ፡ ክጽብጽብ ፡ እዚ ኵሉ ኣብ ክብረት ዘብጽሕ ዕዮ እዩ ።

ተመሃሮ ፡ ብስራሕ ሰብ ኣይትጽረፉ ። ብጥቅዊ ዕዮ ኣይትሕ ነኹ ፡ ንዓያዩ ደግፍዎ ፡ ነኣድዎ ፡ ኣጆኻ ቢልኩም ኣተባብዕዎ ።

ድንቍርና ይጥፋእ ፡ ጥበብ ይስፋሕ ።

# ከልብን ኣድግን

ሓደ ጊዜ ፡ ሓደ ገዚፍ ከልብን ብዙሕ ሕምባሻታት እተጸዕነ ኣድግን ብሓንሳእ ገሹ ።

ኣብ መንገዲ እቲ ኣድጊ ጠምዩዎ ሳዕሪ ኪበልዕ ኣልገሰ ። እቲ ከልቢ ሳዕሪ ዘይበልዕ ስለ ዝኾነ ፡ ነቲ መጋይሽቱ ፡ ካብ'ቲ ጽዕነቱ ሓደ ቍራስ ሕምባሻ ኪህበ ለመነ ። ኣድጊ ፤ "ክምዚ ኣነ ማእረረ ዝበልዕ ዘሎኹ ማእረርካ ብላዕ ፡ ካብዚ ተሰኪመዮ ዘሎኹ ሕምባሻታት ግና ክህበካ ኣይኽእልን እየ ፡" ቢሉ ከልኣ ።

ንምሸቱ ፡ በቲ ክንእም ዝነበረ እምበ ፡ ሓደ ተኹላ ፡ ፈን-ፈን እናበለ መጸም ። እቲ ኣድጊ ፈሪሁ ነቲ መጋይሽቱ ጽግዕ - ጽግ ዕ ፡ በሎ ። ከልቢ እናሰሓቖ ፤ "ዓርከይ ፡ በይኑ ዚበልዕ በይኑ ኪዋጋእ'ውን ሓይሊ ኪህልዎ ይግባእ ፡" ቢሉ መለሸሉ ። ነቲ መስኪን ኣድጊ ኣብ ቅድም'ቲ ዚቖርብ ዝነበረ ኣራዊት ሓዲ ጉዎ ሃደመ ።

ጊዜ ከሎ ብገንዘብካ እሙን ዓርኪ ግበር ፡ ሸዑ ንሱ ብእ ዋን ጸገምን ራህዋን ኣይጠልመካን ኢዩ ።

እ ፡ ገዝህይ ።

# ደርሆ ፡ ቆቛሕ ፡ ሽላ

እዞም ሰለስተ ነፈርቲ፡ሓደ እዋን፡ብዙሕ ተዓራሪኽም ነበሩ ። በብታራ ኪንቅዉ የርፍዱ ፡ ምስ ረፈደ ፡ ጸጸሕቲሮምን ተተኹብ ምን ፡ ብሓንሳእ ኰይኖም ፡ ኵዕንቲ ኪኣርዩ የጽብሑ ነበሩ ።

ሓደ መዓልቲ፡ቌቛሕ ኪጽሕትር ከሎ፡ንሺላ ከይረኣዮ ብጽ ፍሩ ሰለፉ ሓንጠጦ ። ሺላ ኰርዩ "አንታ ንስኻ ጽጋብካ ዘይት ጸውር፡ስለምንታይ እትሕንፍጠኒ ፤ ተሎ ዋሕስ ትኸለለይ፡" ቢሉ ብነድሪ ኪዓብጦ ደለየ ።

ቆቛሕ ፡ እንታ ዓርከይ ፡ ከየስተውዓልኩን ከይፈለጥኩን ኢየ ዝሓንፈጥኩኻ ፡ ሕራይ ካብ ፍቓድካ አይወጽእን" ቢሉ ፡ ንደርሆ ዋሕስ ተኸለሉ ።

በዚ ዘረባዚ ሰለስቲኦም ታዕታዕ ኪብሉ ከለዉ፡ጨጨውት ደቂ-ደርሆ መጺኦም ነበኦም ፡ "ኣታ ኣቦ ፤ ሕደግ አይትወሓስ ፡ እንታይ ገደሰካ ፡ ነገር ከይመጸካ ፡ ኣብ ዘይትኽእሎ ነገር ኣይት እቶ፡" ቢሎም ነበኦም መኸርዎ ። ንሱ ግና ፤ "ዓርከይ ቆቛሕ፡ተዋ ሓስኒ ኪብለኒ ፡ እወሓሰ፡" ኢሉ ተወሒሰ ።

ኣብታ መዓልቲ ቌጸራ ፡ ደርሆ ዋሕስ ኰይኑ ሺላ ከአ ኪክ ሓስ ፡ ኣብ ባይቶ ተራኸቡ ። ቆቛሕ ከይመጸ ተረፈ ።

ሺላ ንደርሆ "በል ፡ በዓል ነገረይ ካብ ዚጠልምሲ፡ተዓገት" ቢሉ ኣሚነቖሉ ።

ደርሆ ፤ "ሕራይ ፡ ኣወክሰኒ ፤ ተዋሒሰ ደአ ኣብ እንዳ መን ክኣቱ፡" ቢሉ ከም ብሓዲሽ ንሳልስቲ ተቛጸረ ። ደርሆ ኣንጸር ጸ.ሩ ናብ'ቲ ዘውሓሰ ሰፈር እንተ ኸደ ፡ ሰኣኖ ። እንተ ኾነ ኣብ ስግር ሓደ ሽንጭሮ ፡ ካብ ርሑቕ ስለ ዝረኣዮ ፡ ኣብ ገረብ ሓኹረ ። ኣብኡ ኰይኑ ፤ "ዓርከይ ቆቛሕ ፡ ተ--ዓ--ጊ--ተ ፤ ቢሉ ነቀወ ። ቆቛሕ ቆብ ኣቢሉ ኣስተውዒሉ ፤ "ክፈል–ክፈል–ክፈል–ክፈል፡" ቢሉ ምላሽ ሃበ ። ድሕርዚ ደርሆ ንሽላ ፡ "መሓረኒ" ቢሉ ለመና ። ሽላ ግን ሕሱም ስለ ዝኾነ ምምሓር ኣበዮ ።



ብዘይ ፍትሒ ድማ ሓደ ንጉዕ ጫጩት ካብቶም ደቂ ደርሆ ዘሪፉ ወሰደ ። እቶም ጨጨውት ሓዎም ተመንጢሉ ኪውሰድ ምስ ረኣዩ ፡ ነበኦም ፤ "ኣይትወሓስ ዶ ኣይበልካን ፡ ኣይትዋሓስ ዶ ኣይበልናካን" ቢሎም በኹዩን ተበኣሰዎን ። ሽዑ ደርሆ ንደቁ ፤ "ደቀይ ወሪዱኒ እምበር ፈትየዶ ተዋሒሰ መሲሉኩም ፤" በለ ።

ደረውሀ ክሳዕ ሎሚ፡ሺላ እናረኣዩ፡ኣብ ትሕቲ ሓጹር እና ኣተዉ ፡ ኵሉ ሳዕ ፤ "ኣይትወሓስ ዶ ኣይበልናካን ፡ ኣይትዋሓስ ዶ ኣይበልናካን፡" ይብሉ ኣለዉ ።

ሕያዋይ ወላዲ ፡ ምኽሪ ለባም ውላዱ ፡ ኪሰምዕ ይግባእ ። ብዘይ ፍትሒ፡ብየማናይ ኢድካ ፡ ምክሓስካ ግቡእዶ ኢዩ ፤

ምስግና ይስሓቅ ።

# ጠላም ድሙ

ሓደ ጊዜ፡ድሙን ኣንጭዋን ብርቱዕ ፍቕሪ ተፋቐሩ ። ሓደ መዓልቲ፡ሰበይቲ ኣንጭዋ ወለደት ። በብኣያ ንበረኻ ዚብላዕ ኬም ጽእ ወሪፉ ኸሎ ፡ ድሙ ንሓራስ ኪበጽሕ መጸ ፤ "እንቋዕ እታ ነፍስኺ ረኸብኪ" ቢሉ ክንደይ ደቂ ከም ዝወለደትውን ሓተታ ። ንሳ ኸአ ፤ "ሾመንተ" ቢላ ምላሽ ሃበቶ ። ድሙ ተሓጕሱ ፤ "ጽቡቕ - ጽቡቕ ፡ ደቅኹም ሾመንተ ፡ ንስኺ ታሸዓይቲ ፡ ሰብኣይኪ ዓስራይ ፡ እኹላት ስድራ ቤት ኰንኩም" ቢሉ ወጺሞ ፡ ኣብ'ቲ ድጒል ተሓብአ ።

እታ ሓራስ ኣንጭዋ እንታይ ዘረብኡ ኢዩ እዚ ቢላ ክትግረም ከላ ፡ ሰብኣያ ደበኽ በለ ። ሽዑ እታ ሓራስ ኣንጭዋ ንሰብ ኣያ ፤ "ፈታዊና ድሙ፡ንስኻ ምስ ወፈርካ ኪበጽሓኒ መጺኡ ነይሩ ፡ ዘገርም ዘረባ ተዛሪቡኒ ኸአ ኸደ፡" በለቶ ።

"እሂ ፡ እንታይ ቢሉኪ ዓርከይ ድሙ ፡ እስከ ንገርኒ" ቢሉ ሃወኻ ።

ንሳ ኸአ ፡ "ክንደይ ደቂ ወሊድኪ ፡" ቢሉ ሓተተኒ ። አነ ከይሓባእኩ ፡ "ሾመንተ ደቂ ወሊደ" ቢለ ነገርክዎ ። ድሕርዚ ንሱ ፡ "ጽቡቕ - ጽቡቕ ፡ ደቅኹም ሾመንተ ፡ ንስኺ ታስዓይቲ ፡ በዓል እንዳኺ ዓስራይ ፡ እኹላት ስድራ-ቤት ኲንኩም ፡" ቢሉ ፡ ኢድ ነሲኡ ወጺ ፡ ቢላ አዘንተወትሉ ።

እቲ ድሙ ፡ ነዚ ኩሉ ዛንታ አብ'ታ መሕቢኢቱ ተጸዊጡ ይሰምዕ ነበረ ። ሽው እቲ ተባዕታይ አንጭዋ ኲሪዩ ፤ "እንታይ እሞ ኢዩ እዚ ፤ ዓርከይ ድሙ አብ ቀድሚ አንስቲ ጀህራ ኢዩ ዚፈቱ ፤ እዚ ኸአ ስራሕ ቀደሙ ኢዩ ፡ አይትፍርሂ ፡ አጆኺ ፡ ተረፍ ቅንኡ ኢዩ ከምዚ ቢሉ እተዛረበ ፡" ቢሉ አጸናንዓ ። ድሙ እዚ ዘረባዚ ምስ ሰምዐ ፡ ብድሕሪኡ መጺኡ ነቲ አንጭዋ ዓትዓቶ ። አንጭዋ ፤ "ዓርከይ ድሙ ፡ አይንአ'ባንየ ፡ አይንአ'ባንየ ፡ ሕደገኒ ፡ ሕደገኒ ፡" ቢሉ'ኳ እንተ አቀባጠረ ፡ ድሙ ብዘይ ምሕረት በዘቶ ። እዚ ከይአክል ድማ ፡ ነታ ሓራስን ፡ ሕጻናት እና ጴን ፡ ንዓስርቲአም ቀቲሉ በልዖም ።

ምስ ጠላም ሰብ ምትዕርራኽዶ ጽቡቕ ኢዩ ፤

# ጻዕሪ

ሓደ ዑፍ ብጽምኢ ማይ ኪመውት ደልዩ ዚገብሮ ጠፍኦ ። ንሱ ፡ ናብዝን ናብትን እናበለ ፡ ማይ ዘለዎ ሰፈር ሃለው ኪብል ከሎ ፡ ሓደ ነዊሕ ዝክሳዱ ጥርሙዝ ማይ ረኸበ ። እቲ ጥርሙዝ አዚዩ መሊኡ ስለ ዘይነበረ ፡ በቲ አፉ ምርካብ ስኢንዎ ፤ ኪሰቲ አይከአለን ። ብአፉ እናሃረመ ነቲ ጥርሙዝ ኪሰብሮ ሃቀነ ፡ እንተ ኾነ ፡ አዚዩ ተሪር ነበረ'ሞ ፡ ኪሰብሮ አይከአለን ። ኬውድቖ ቢሉ ድማ ሃቀነ ፡ እንተ ኾነ አይሰለጠን ። ድሕሪዚ ፡ ተስፋ ከይቘረጸ ብሜላ ማይ ኪሰቲ መደበ ። አብ'ቲ ዙርያኡ ዝነበረ ጸጸር አኪቡ በብሓደ ናብ'ቲ ጥርሙዝ አእተወ ። እቲ ስ



ራሕ በብሓደ ጸጸር አብቲ ጥርሙዝ ምእታው ብዙሕ አደን ጕዮን አጽዓሮን ። እንተኾነ እቲ ጥርሙዝ ጸጸር በብዝአተዎ መጠን እቲ ማይ ንላዕሊ ክብ ይብል ነበረ ። ኪብል-ኪብል እቲ ማይ ንላዕሊ ወጸ'ሞ ብዘይ ሽጋር አስተርሕዩ ኪሰቲ ከአለ ። ተመሃሮ ፡ ንስኻትኩም ከአ ከምቲ ዑፍ እቲ ዘዝበርትዓኩም ስራሕ ሜላ ኪህልወኩም የድሊ ። ብርቱዕ ድላይ ምክአል ማለት ኢዩ ። ሎሚ ሜላ ጌሩ ዚምሃርን ዚጽዕርን አበርቲዑ ዚዓይን ጽባሕ ደሞዝ ከም ዚረክብ ርግጽ ነገር ኢዩ ።

ጻዕሪ አብ ራህዋ የብጽሕ ።

# አካላት ሰብ

አካላት ሰብ ፤ አእጋር ፡ አእዳው ፡ አፍ ፡ አዒንቲ ፡ ነንሕድሕዶም ምርድዳእ ተጸልአም ። ተተማኺሮም ድማ ፤ ድሕር'ሕጂ አይንተሓጋገዝ ፡ ነፍስ - ወከፍ አካል ገዛእ ትሕድርቱ ጥራይ ይዕየ ፡ ቢሎም ተዛራረቡ ። ምኽንያት መፈላለዪአም እንሆ ፤ አእጋር ነቶም ካልኦት አካላት ፤ "ንሕና ነአታትኩም ወርትግ እንስከመኩም ፡ አብ ኪዱ ዝበልኩምና እንኸደልኩም ስለምንታይ ኢዩ ፤ ምኽድ እንተ ደሌኹም መኸየዲ መሃዚ እምበር ፡ ንሕናስ አይከነልናየ ኢዩ ፡" በሉ ።

አእዳው ከአ ፤ ንሕና ወርትግ እንዓየልኩም ስለምንታይ ኢዩ ፤ መዓየዪ አእዳው እንተ ደሌኹም ብዕላትኩም አእዳው መሃዚ እምበር ፡ ንሕናስ በይንና ኢና እንኸውን" በሉ ።

አፍ ፤ አነስ አብ'ዚ ዓሽ ተረኺበ ፡ ንከስዐ ቀለብ ዝሑኹሉ ፡ አዝክስ ከቶ ዘይኸውን ኢዩ ፡ ክስዐ አፍ እንተ ደለየ ባዕሉ ይምሃዝ ፤" እናበለ አዕዘምዘመ ።

አዒንቲ ድማ ብተራአን ፤ እቲ ዘረባታት ብምስማዕ ገረመን ። ንሳተን በይነን ረአይትን ሓለውትን ናይ ኩሉ ሰብነት ብምዃነን

አውራ ሰብ ሞያ ፥ ብጀክአን ድማ ኩሉ ስርሓት ከም ዘይቀንዕ ተዛረበ ።

እቶም ዝተረፉ አካላት እንርእሲ ፥ አእዛን ፥ አፍንጫ ፥ አፍ ፥ መንከስ ፡ ምዕጕርቲ ፥ ግምባር ፡ ከናፍር ፥ ኩበሮ-ዓይኒ ፥ ቅርኒ ብ-ዓይኒ ፡ ልሳን ፥ ትንሓግ ፥ ጉሮሮ ፥ ምንጋጋ ፥ አስናን ፥ ኰራ ርምቲ ፡ ሓንጎል ፥ ክሳድ ፡ መንኩብ ፥ አፍ-ልቢ ፡ ሰምቡእ ፥ ሕቜ ፡ ዝባን ፥ ከብዲ ፥ ጐድኒ ፥ ምሕኰልቲ ፥ ልቢ ፥ ሰምቡ እ ፡ ከስዐ ፥ አምዑት ፡ ሽንፍላ ፥ ጣፍያ ፥ (ላሊሽ) ፥ ኰሊት ፥ ምናት ፥ ብርክ-ኢድ ፥ ቅልጽም ፡ ጉምቡ-ኢድ ፥ አጻብዕ ፥ አጻፍ ር ፥ ዳህሰስቲ ፥ ዝባን-ኢድ ፥ ከብዲ-ኢድ ፡ አጻብዕ ፥ ዓብዓበይቶ ፥ መመልከቲቶ ፥ ማእከለይቶ ፥ ቀለቤቶ ፡ ሕንጥልሕንጥሊቶ ፡ ሰለ ፍ ፥ ብርኪ ዳንጋ ፥ በራቚቶ ፡ ዓካዓከሪቶ ፡ ዝባን-እግሪ ፥ ከብ ዲ-እግሪ ፥ አጻብዕ ፥ አጻፍር ፥ ከምኡውን ፥ ዝተረፉ ክልአት ሞ ያአም እናነገሩ አገልግሎቶም ገደፉ ።

ዳሕራይ ከመይ ኰነ ፤ አካላት ዘበሉ ዐዕዮአም ምስ ሓደጉ ፥ በብቐሩብ ሓመቑ ፡ ደኸሙ ፥ ንሞት ድማ ቐረቡ ።

አካላት ዘበሉ ኰላቶም ጌግአም አስተውዓሉ ። ሓሲቦም መኺ ሮም ፥ አብ ናይ ቀደም አገልግሎቶም ተመልሱ ። እቲ ሓደ አካል ነቲ ክልእ አካል ሰሚርም ተዓርቂን ተአዘዙን እሞ ፥ ከም ብሓዲሽ ብርቱዕ ሓይልን ስልጣንን ረኸቡ ።

# ጠረቤዛን ተመሃራይን

አብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብዙሓት ተመሃሮ ይመሃሩ ነበሩ ። ሓደ ካባታቶም መስፍን ኢዩ ሽሙ ። እዚ ተመሃራይ'ዚ ፥ ነቲ መምህሩ ዚመኽሮ ዝነበረ ምኽሪ ግዲ አይገብረሉን ነበረ ። ሓደ መዓልቲ መስፍን ፥ ሰንጢ ካብ ማህደሩ አውጺኡ ፥ ነቲ ጠሬ ቤዛ ብጭካኔ ሓንጠጠ ። እቲ ጠሬቤዛ ከአ ብፍቕሪ ፤ "እንታይ ክፉእ ገይረ ኢየ እትሳቐየኒ ፤" በሎ ። እንተኸነ መስፍን ፥ በቲ ሰንጢ እናሓንጠጠ የበላሽዎ ነበረ ። ጠሬቤዛ ፤ "ካብ ብጮ ተይ ስለ እተፈሌኹ ኢኻ ከምዚ ጌርካ እተጻወተላይ ዘሎኻ ፤" በሎ ። መስፍን ከአ ፤ "አበይ ኢዩ ዓድኻ ፤ በዓል መንከ ኢዮም ብጮትካ ፤" ቢሉ ሓተቶ ። "ዓደይስ ምናልባት ብወረ ትፈልጦ ት ኸውን፡ ዓደይ ዓዲ ዱር ፡ ይብሃል ። አብኡ ክንደን ጥዑም ኢዩ ምቕማጡ ፡ ሀዱእን ጥዑይን አየር አሎዎ ። እንውን ከም'ዚ ምስ ብጮትካ እትጻወቶ ዘሎኻ እጻወት ነይረ ፡" በሎ ። "መን ደአ የጻውተካ ነይሩ ፤ እስከ ንገረኒ ፡" ቢሉ አበርቲዑ ለመኖ ። "ምስ እንጽሕዲ ፥ ዋይብ ፥ አውሊዕ ፥ መሞና ፥ ዝባ ፥ ዓንቋ ፥ ሰራው ፥ አውሒ ከሎኹ ፥ አቶ ንፋስ መጺአም የጻውትና ነበሩ ። አዕ ዋፍ'ውን አብቲ ጽቡቕ ጨናፍርና አጽሊለን የዕልላና ነበራ ። ከ መይ ገይረ አብ'ዚ ከም ዝመጻእኩ ከዘንትወልካ ጽን ቢልካ ስምዓ ኒ ፤ "ሓደ መዓልቲ ብገርሂይ ከሎኹ ፥ ሓደ ሰብአይ ፥ ብዓብይ ፋስ ሃሪሙ ከይፈቶኹ አውደቐኒ ። ከዳውንተይ ኩሉ ገፊፉ ፡ አብ መን ኰርኰር ሰቒሉ ፥ ፍንሕኒሒ ከምዘይብል ብመጽዓን አሰረኒ ። ካብ ኡ አብ ከተማ ዚብሃል ዘይፈልጦ ዓዲ አእትዩ ፥ ንጸራብይ ዚብ ሃል ሰብአይ ፡ ሸጠኒ ። ንሱ ከአ ፥ አብ ሓደ ገዚፍ ቤት አእትዩ ፥ ቈርበተይ ዝኸነ ኩሉ ቀለጠኒ ። ደሓር ሓደ ቀይሕ ሕብሪ ለኽዩ አብ ቤት - ትምህርቲ ዝሽሙ ሰብአይ ፡ ብዙሓት ቈላው ዘለውዎ ሸጠኒ ። ካብቶ'ም ደቂ'ኡ ፥ ምስ ገሊኦም ብፍቕሪ አሕሊፈዮ ። ሎሚ ግና እኔኹ ፥ ንስኻ እምበርዶ ወዲ ቤት - ትምህርቲ ኢኻ ፤" ሽዑ መስፍን በቲ ከየስተውዓለን ከይመርመረን ዝገበሮ ክፍአት ፥ አብ ልቡ ተመለሰ'ሞ ፥ ይቕሬታ ለመኖ ። ካብ'ታ መዓልቲ እቲአ ጀሚ ሩ'ውን ንጠረቤዛ ዲፈትዎን ኪከናኸኖን አተስፈዎ ።

ዮሴፍ ገብረ - ሚካኤል ።

# ንቜልው ኣይትጠብሩ

ሓደ መዓልቲ፡ ራእሲ ናፒየር፡ ካብ ቤቶም ወጺኦም ኪዛወሩ ከሎዉ፡ ሓንቲ ጓል ኣምሪራ ክትበኪ ከላ፡ ኣብ መንገዲ ተጓነፈቶም ። ጠጠው ኣቢሎም ከኣ፡ ምኽንያት መብከይኣ፡ ሓተትዋ ። ሽው እታ ቈልዓ፡ እተ ማይ እትወርደሉ ዕትሮኣ ስለ እተሰብረ፡ ጉሆያ፡ ትበኪ ከም ዝነበረት፡ ነገረቶም ። ራእሲ እዚ ምስ ሰምዑ፡ መታን ኪእብድዋ፡ ኢዶም ኣብ ሕቝፎም ኣእትዮም ሃሰስ እና በሉ ፤ "በሊ ኣይትብከዪ፡ ገንዘብ ክህበኪ ኢየ'ሞ፡ ቀልጢፍኪ ዕትሮ ተሻይጥኪ ፤ ማይ መሊእኪ ናብ ኣደኺ ክትከዲ ኢኺ።" በልዋ ። እንተ ኾነ እቶም ራእሲ ማሕፉዳኦም ኣብ ቤቶም ረሲዖምዎ ነበሩ እሞ ገንዘብ ኣይነበሮምን ። "በሊ ሕጂ'ውን ኣይትጒሃዪ፡ ጽባሕ በዛ እዋን እዚኣ፡ ኣብዛ ሰፈር እዚኣ ፤ እንተ ደኣ መጺእክስ፡ ዚኣኽለኪ ገንዘብ ክህበኪ እየ ፤ ነዛ ቈጸራናዶ፡ ትሕልውያ ኢኺ ፧" በልዋ ።

እታ ቈልዓ ተሓጒሳ ፤ "ሕራይ፡ ጽባሕ ኣብዚኣ ክጸንሓኩም እየ፡ ድሓን ኩኑ።" ቢላ ተሰናበተቶም ። ራእሲ ናፒየር ፤ ንገዝእም ምስ ተመልሱ ፤ ካብ ሓደ ዓቢ ሰብ እተጸሕፈት ደብዳበ መጸቶም ። በጋጣሚ ከኣ፡ እብ'ቲ ምስ እታ ቈልዓ እተቛጸሩላ ሰዓት "ንዑ ምጹ" እትብል ደብዳበ ነበረት ። እታ መጸዋዕታ ካብ ሓደ ዓቢ ሰብ ስለ ዝኾነት ድማ ብዙሕ ጕሃዩ ።

ሕቶብ ኣቢሎም ግን፡ መልሲ እታ ደብዳበ ብጽሒፈት ኪሰዱ ወድእዎ ።

ኣብ'ታ እተጸውዑላ ሰዓት ፤ ቈጸራ ገይሮም ከም ዝነበሩ፡ ኪመጽኡ'ውን ከም ዘይኽእሉ ፤ ነገሩ ። "እታ ቈልዓ፡ ነታ ቈጸራ ከም ዘይትጠልም ፈሊጠ ነበርኩ እሞ፡ ነቲ እምነታ ክጠልም ኣይደለኹን" ቢሎም ተዛረቡ ።

ራእሲ ናፒየር ፤ ንቜልዓ ዘተስርዕዎ ከም ቅዱስ ነገር ገርካ ክትፍጽሞ ይግባእ ። ኣእምሮ ቜልዓ እማኒ ኢዩ ።



ብዙሕ ዓመታት እኳ እንተ ሓለፈ ፤ ተጠቢሮም እንተ ነበሩ ኣይርስዕዎን ኢዮም ፧" ቢሎም ጽቡቕ ትምህርቲ ሓዲጎሙልና ኣሎዉ ።

ቀሺ ሃንድንክኤል ወልደ መንቀርዮስ ።

# ቅ ን ዕ ና ።

ሓደ ንጉሥ ናብ ሓንቲ መርከብ ክዛወር ኣቶ ። ኣብኡ ኸኣ ፤ ብሰንሰለት እተኣስሩ ብዙሓት ሰባት ረኣየ'ሞ፡ ስለእም ብዙሕ ጕሃየ ። ምናልባሽ ብዘይ በደል እተኣስረ'ሞ ኪፍታሕ ዚግብኣ እንተ ተረኽበ ቢሉ'ውን በብሓደ ንኹሎም ምኽንያት መእሰሪኦም ሓተቶም ።

ብጀካ ሓደ ጕበዝ ከኣ ፤ ኵሎም እቶም እሱራት ሓቢሮም ደቀብ ብዘይኸውን ነገር ከሲሶም እእሲሮሙና እምበር፡ በደል የብልናን በሉ ። እቲ ጕበዝ ግና በደሉ እናተኣመነ ከምዚ ቢሉ ተዛረበ ፧ "ምሕረተኛ ጃንሆይ ፤ ኣነ ምኽሪ ወለደይን መምህራነይን ፤ ስለ ዘይሰማዕኩን ዘይተኣዘዝኩን እየ ኣብዚ እትየ ዘሎኹ ። በደለይ ፤ ኣብ ቅድሜኹም ፤ ጸብጺበ ክውድኦ ኣይክእልን እየ ። ስለ'ዚ ካብ ገጽ ወለደይ ርሒቐ ብኽፉእ ንብረት እነብር ነበርኩ ፤ ስለ'ዚ ቅጽዓት ዝግብኣኒ ኢዩ ። መዓልትታት ማእሰርተይ ምስ እብጻሕ ኩ ግን ፤ እዙዝ ፤ ቅኑዕ ፤ ፍትሓዊ ፤ እሩም፡ በዓል እደብ ክኸውን እየ" ቢሉ ምላሽ ሃበ ።

ድሕር'ዚ እቲ ንጉሥ፡ ንሓለቓ ቤት ማእሰርቲ፡ጸዊዑ ፤ "ስለ ምንታይ ኢዩ፡ እዚ ክፉእ ጕበዝ፡ ኣብ ማእከል እዞም ዘይበደሉ፡ ንጹሃት ሰባት እተሓወሰ ፤ መታን ክፍኣት ክየምህሮም ፈቲሕካ፡ ንግዳም ስጐጎ" ቢሉ ኣዘዘ ። እቲ በደሉ እተኣመነ ጕበዝ ድማ ምስ ተፈትሐ ፤ እናተሓጒሰ ንገዝኡ ከደ ።

እዚ ዛንታ እዚ እንታይ ኢዩ ትምህርቱ ፧

ቀሺ ገብረ-ሓዋርያት ዕቝባልደት ።

# ጥበበኛ ሀበይ

ሓንቲ ጥበበኛ ህበይ፡ ሓደ መዓልቲ፡ ካብ ብጮታ ተፈልያ፡ እ'ኸሊ ክትሰርቕ ፡ ኣብ ግራሁ ከደት ። ሓደ ሰብኣይ ፡ ግራቱ ኪሕሉ ኸሎ ፡ እታ ህበይ እናተሓብኤት ፡ ናብቲ ግራት ኣተወት ። ድሕር'ዚ ፡ ወዮ ሰብኣይ ጕራደ ሒዙ ፡ ቀስ እናበለ ፡ ኪቐትላ ቢሉ መጸ ። ጕራዴኡ መዚዙ ፡ ክሳዳ ኪቘርጻ ኪብል ፡ ጭራእ ገ'ንያ ። ንሱ ፤ "ሽሕ'ኳ እንተ ተሓወሰት ፡ እቲ ጭራእ ርእየ ፤ ክቐትላ ኢየ ፡" ቢሉ ሰዓበ ። ንሳ ኸኣ "እንተ መጸ እቲ ጕናይ ጭራይ ርእዩ ፈልዩ ኪቐትለኒ ኢዩ፡" ቢላ ፈርሀት እሞ ፡ ንብጮታ ፡ "ሓደ ወረ ሰሚዔ ጭራይ ቈሪጸዮ" ቢላ ነገረተን ። "እንታይ ወሪኡ ፤" በልአ ። "ጭራኡ ዘይቈረጸ ህበይ ናብይ እምጹኡለይ ቢሉ ንጉሥ ኣዊጁ" በለተን ። እዚ ምስ ሰምዓ ፈሪሄን ኵለን ጨጭራኤን ቈሪጸን ደርበይአ ። እቲ ሰብኣይ ምስ መጸ ኵለን ጕናያት ኰይነን ጸንሓአ እሞ ፡ ገሪሙዎ ተመልሰ ። እታ ህበይ ንሽዑ ካብ ኢዱ ደሓነት እምበር ፡ በቲ ቍስሊ እተላዕለ ፡ ምስ ኵለን ብጮታ ሞተት ።

ክፉእ ብጫይ ንርእሱን ንብጮቱን ኣጥፊኡ ይተርፍ ። ስለ'ዚ እቓዲ.ምካ ካብ ምስ ክፉእ ብጫይ ም'ሃድ ተጠንቀቕ ።

ሰዓረ ካሕሳይ ።

# ጽ ው ጽ ዋ ይ

ሓንቲ መዓልቲ ፡ ሓደ እድጊ ፡ በቲ ክፉእን ንዑቕን ዝኸነ ንብረቱ ፡ ኪጕህን ኬስቈርቍርን ጀመረ ፤ ኣብ መወዳእታ ትካዜኡ ንርእሱ ክጸናንዕ ጀመረ ፤ እወ እቲ ክሳዕ ሎሚ ዝነበረ ንብረተይ



ኣዝዩ ዘሰክሕን ዘፈንፍንን ኢዩ ፡ ግናኸ በዚ ተስፋ ክቘርጽ ኣይግባእንን ፡ ክምቶም ካልኣት ክቡራት እንስሳታት ንም'ኳን ፡ ኣብቲ ንሳቶም በጺሖምዎ ዘለዉ ደረጃ ድማ ንምድያብ ፡ ኵሉ ሳዕ ጊዜ ኣሎ ፡ እቲ ምቹእ ጊዜ ከም ዘይሓለፈኒ ኸአ ርግጽ ነገር ኢዩ ፡" ቢሉ ተጸናንዔ ።


ካልእ ዘሓጕስ ነገር እናሓሰበ ኸአ ኣብ ቤት ጕይታኡ ኣትዩ ፡ ጽቡቕን ነዊሕን ዝኸነ በርኖስ መኳንንቲ መሪጹ ወሰደ ፡ ካብ ኣፍንጫኡ ክሳዕ ጭራኡ ተጐምጕምዎ ፡ ኣብቲ ብዙሓት ከብትን መጽዓኛን ዚጓስያሉ ኣብ ሓደ ጽቡቕ ሸኻ እናጕባዕብዔን እናተሓበነን መጸ ። እቶም ኣብኡ ዚጓስዩ ዝነበሩ እንስሳታት ኵሎም ብዙሕ ተደነቑ ። በይኑ ዝዓይነቱ ግሩምን ስልጡንን ዝኸነ ዘመድ እምበር ረ'ሽብና እናበሉ ድማ ኪኸቡዎን ኪዕድቡዎን ጀመሩ ። ወዮ ክቡርን ስልጡንን ጋሻ ፡ ኣብ ሳብዓይ ሰማይ ዝደየበ ኰይኑ ተሰምዖ ። ግናኸ ካብ እምብዛ ሓጐስ እተላዕለ ፡ ክሳዱ ክብ ኣቢሉ ፡ ናብ የማን ናብ ጸጋም ፡ ናብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ፡ ቍሊሕ-ምሊሕ እናበለ ፡ ነቶም ተኸተልቱ ክሽብሮም ክብል ፡ ወዮ ወንዛፌቱ ሰተት ቢሉዎ ፡ ኣእዛኑን ወተጉን ብሓንሳእ ቅልቅል በለ ። ሽዑ ፡ ወዮም ዚኽተልዎን ዚንእድዎን ዝነበሩ እንስሳታት ኵሎም ፡ እድጊ ከምዝኸነ ኣለለይዎ ፡ ኵሎም ሓቢሮም በብድሃዮም ብሓንሳእ ክንቅዉ ጀመሩ ። ሓቢሮም ድማ በብዚከኣሎም ኪነድሕዎን ኪነ'ክስዎን ጀመሩ ፡ እናሰጕጉ ኸኣ እርሒቖም ኣባረርዎ ።


ብኽዳንን በካይዳን በቲ ዝርአ ግዳማዊ መልክዕን ፡ እእምሮን ጭውነትን ዚርከብ ዚመስሎም ብዙሓት ሳባት ኣለዉ ። ግናኸ ፡ እቲ እድጊ ጽቡቕ ስልማትን ግሩም ዝኸነ ልብስን ለቢሱ'ኳ ንቑሩብ ጊዜ ክቢሩ እንተተራእየ ብውሽጡስ ጽሩይ እድጊ ምንኹ ከም ዘይተረፎ ፡ ንርኢ ኣሎና ።

ንጉሰ ሮዛርዮ ።

# ሰ ዓ ት ።

እዘን ስእልታት ፡ ብኽልተ መንገዲ ፡ ምቅሊ ግዝያት ዘፍልጣ ኢየን ። እታ ቀዳመይቲ ብፃዕባ ግዝያት ሓንቲ ሰዓት ጥራይ ኢያ እተፍልጥ እሞ ፡ ስለዚ በዚ ዘበንና ድማ ሰብ አይሕዛን ኢዩ ዘሎ ። እዛ ሰዓት እዚኣ ብድኹም ሑጻ ጌርካ እዋን እተፍልጥ ሰዓት ትብሃል ። አብ ውሽጣ ድኹም ሑጻ የእቱዉላ ። እቲ ሑጻ ከምዚ አብ ስእሊ እትርእይዎ ዘሎ-ኹም ፡ ክልተ ጣሳ ብርጭቆ ፡ በብቑሩብ ፡ ድኹም ሑጻ አብቲ ታሕታዋይ ጣሳ ፡ ዘሕልፍ ጸቢብ ክሳድ ፡ ነኺል አሎዎ ። እተን አብ ውሽጢ ዘለዋ ሑጻ ፡ በብተራ ካብ ላዕለዋይ ጣሳ ፡ አብቲ ታሕተዋይ ጣሳ ፡ ክሳብ ጽንቅቕ ኢለን ዚሓልፋ ፡ ሓደ ሰዓት ምሉእ የድልየን ። ኵለን እተን ሑጻ ምስ ሓለፋ ፡ ከምብሓድሽ ፡ እተን አብ ታሕቲ ዝወረዳ ሑጻ ፡ አብቲ ላዕለዋይ ጣሳ ትመልሰን ። እንተ ኾነ ፡ እዚ ዕዮ'ዚ ንምግባር ከይዘንጋዕካ ክትገብሮ ብዙሕ ጥንቃቐ የድሊ ነበረ ። ምስናይ እዚ ኹሉ ፡ አደ ታት መግቢ ኬብስላ ኸለዋ ፡ ግዝያት ንምሕላይ ብዙሕ ይጠቕመን ነበረ ።






እታ ካልአይቲ ሰዓት ካብታ ቀዳመይቲ አዝያ ትበልጽ ።
... ከይትድቅስ ኢዩ ምዝካር ዘድልየካ ።



ሰዓት ከምቲ አነን ንስኻን እንደክም ፡ ትደክም ኢያ ። አብ ውሽጣ ግሩም ዝኾነ መንኰራ'ኩር ኪዝወር ይውዕል ። እንተ ኾነ አብ'ቲ ውሽጣ ንእሽቶይ በሰር ሓደው ጾርና እንተ አተዋ ደው ኬብላ ይኽእል ኢዩ ። ከም'ቲ አብ ዓይንና በሰር ኪአትወና ዘይ ንፈቱ ፡ ከምኡ ኸአ ፡ ንሳ በሰር ኪአትዋ አይትፈቱን ኢያ ። ንኹሎም ቀለውዕ አብ ቤት-ትምህርቲ ዚኸዱ ፡ መታን ደንጕዮም ከይመጹ እሞ ፡ ካብ ትምህርቲ ከይተርፉ ፡ ሰዓት ብዙሕ ትጠቕሞም ኢያ ። ሓንቲ ሰዓት ሰለስተ ኵናት መሓበሪ አሎዋ ። እታ ካብ ኵለን እትንእስ ኵናት ቀልጠፉ ኢያ እትዝወር፡ ደቒቓት ድማ ተፍልጠና ። ሓንቲ ሚኑት ስሳ ደቒቕ አሎዋ ። እታ ካብ ኵለን እትነውሕ ኵናት ድማ ሚኑታት ትሕብር ። ሓንቲ ሰዓት ስሳ ሚኑት አሎዋ እታ ማእከለይቲ ኵናት ብዛዕባ ሰዓታት ፈሊያ ትነግረና ። አብቲ ጽፍሒ ሰዓት ዓሰርተው-ክልተ ቍጽርታት ተመልኪተን አሎዋ ፡ ስለ'ዚ እታ ማእከለይቲ ኵናት ፡ አብ ሓደ መዓልትን ለይትን ፡ ክልተ-ሳዕ ነቲ ጽፍሒ ሰዓት ትዝወር ። ንሳ "ቂም-ቂም" እናበለት ክፍሊ ግዝያት ትነግረካ ። ንሳ ፡ ንኹሉ ስራሕ "ብብሰዓቱ ፡ ከይተሃኬኻ ፡ ብግዜ ትምህርቲ ተመሃር ፡ ብእዋን መግቢ ብላዕ ፡ ብግዜ ጻውቲ ተጻወት ፡ ብግዜ ዕረፍቲ ዕረፍ ፡ ብጊዜ ድቃስ ደቅስ ፡ ብጊዜ ዕዮ ዕየ ንኹሉ ፡ ግዜ ግበረሉ ፡" እናበለ እዋን ሓላፊ ኢዩ'ሞ ፡ ዕድሜኻ አብ መዓላ አውዕሎ ፡ ትምኽረካ አላ ። ሰዓት አጥሪ ፡ ብቀጢ.ም ነገር ተጠንቀቕካ ድማ ሓዛ ።

# ሓደ ክፍሊ ስነ-ስርዓት

ኵሉ ሰብ ብፍጥረቱ ፡ መልክዕ ፡ ግርማ ፡ ክብረት ፡ ውቃበ ተዓጺሉ አሎ ። ምስ'ዚ ተዋህብኡ'ዚ ስነ-ስርዓት እንተ ሓለወ ፡ እቲ ዕድሎቱ ምስኡ ይነብር ። ስነ-ስርዓት ዘይብሉ ሰብ ግና አብ ቅድሚ ርአይኡ ንዑቕን ጽዩፍን ሽልተኛን ኰይኑ ይርኢ ።

ስለ'ዚ ፡ መታን ግርማኡ ከይቕንጠዋ ፡ ስነ-ስርዓት አጸቢቑ ኪሕሉ የድሊ ። ሰብ ንርእሱ ባዕሉ ኢዩ ዘኽብራን ዘሕስራን ። ሕማቕ ፤ ረሳሕ ፡ ቀዳድ ፡ ዚኽደኑ ቄልዑ ፡ ርአይኦም ይፍንፍኖም ። ጽቡቕን ንጹህን ዚኽደኑ ግና ፡ ሰብ ክቕርበምን ኪቐርበምን ይፈቱ ። ካብ ቅዱድ ክዳን ምኽዳን ፡ በገብብ እተለገበ ምኽዳን ይውጽህ ። ንግሆ - ንግሆ ካብ ድቃስካ ምስ ተንሳእካ ፤ ኢድካ፡ ርእስኻ ፡ ገጽ ክ፡ ተሓጸብ ። ጸጕሪ ርእስኻ ተሰንተሮ ፡ አእጋርካውን ኵሉ ጊዜ ብጽርየት ሓዞም ። ንጫማኻን ሳእንኻን ርስሓት ጽልአሎም ። ብ ጃምላ ደገል ዘበለ ፡ አብ ኩሉ ሰብነትካን ክዳንካን አይተርኢ ። አፍካ ፤ቅዱስ መታን ኪኸን መወጽ ፍቶ ። ምስ ተመገብካ ድሕሪ ምሕጻብ ኢድካ ፡ አፍካ ምጕጽጓጽ ከቶ አይትረስዕ ። ሰብ ነትካ መታን ኪነጽህ ፡ እንተ ወሓደ አብ ሰሙን ሓንሳብ ተሓጸብ ። ከም ትሽትሽ ዘአመሰለ አካላትሲ እኳ አብ ሳልስቲ ንም ውልዋሉ ዘይምህካይ ይሓይሽ ። ኩሉ ሰብነትካ ምስ ዚቆዲ ፡ ብርቱዕ ሓጎስ ይስምዓካ አብ ርእስ'ዚ ድማ ፈኵሱኳን ተፈሲ ሁካን ትውዕል ።

<u>ኢድ ምንሳእ</u> ፤ ንወለድኻ፡ አዝማድካ፡ አዕሩኽካ፡ ፈተውትኻ፡ አብ ዝረኽብካዮም ስፍራ ብፍሱሕ ገጽ ክመዓልኩም ክምሓደርኩም በሎም። ከም ጕይታኻ፡ መምህርካ፡ ሹሞኛኻ ዓበይቲ ሽማግለ ዓድኻ ዚመስሉ ሰባት ግና ፡ ሰብነትካ፡ ሰጥ አቢልካ፡ አፍ-ልብኻ ነፊሕካ፡ ርእስኻ ቍሩብ ጠዊስካ፡ ብትሕትና ኢድ ንሳእ ። እትነስአሉ ሰብ፡ ባዕልኻ ተቓዳዲምካ፡ ኢድካ ወጥ አቢልካ ሰላም አይትበሉ ። እዞም አብ ላዕሊ ዝረቛሕናዮም ዓበይቲ ሰባት፡ ባዕላቶም፡ ኢዶም፡ ወጥ አቢሎም፡ ሰላ ም እንተ ፡ በሉኻ፡ ብየማነይቲ ኢድካ ጥራይ ሰላም በሎም እምበር፡ ክልተ ኢድካ ደሪብካ ሰላም አይትበል ። ኢዶም ወጥ እንተ ዘየበሉ ልካ ግና ርእስኻ ጥቅስ አቢልካ ድሓን ኩኑ" ቢልካ ተሰናበት።

<u>አብ መንገድን ካልእ ስፍራን</u> ። ካብ ገዛኻ ናብ ቤት - ትም ህርቲ ሓደው ካብ ቤት - ትምህርቲ ምስ ወጻእካ ፡ አብ መንገዲ አይትዕልል ። ቀኒዕካ ንገዛኻ ኪድ ። ብዕድመ ንዝዓብየካ ሰብ ሓደው መስታኻ ኪዘረበካ ከሎ ፡ አይትኹለፎ ፡ ጽን ኢልካ ስም ዓዮ ። ብተራኻ ተዛረብ ።

<u>አብ ቤትን አውቶቡስን</u> ፤ አኩባት ሰብ አብ ዘለዎ ስፍራ



ዓኽ ምባልን ጡፍ ምባልን ነውሪ ኢዩ ። መንዲል ንአኽ እት ኽውን ሓዝ ፡ ብአአ ተነፈጥ ።

ልሳንካ ጥዑም ደአ ተዛረበሉ እምበር አይትጽረፈሉ ፡ ጽያፍ አይውጻእካ፡ ብዝከአለካ ካብ ምኽሳስ ብጫይካ ተሐሎ ። አብ ዘይ ገዛኻ ክትአቱ ከሎኻ ፡ "ክአቱዶ ይከአለኒ ኢዩ፧" ቢልካ ኳሕ- ኳሕ አብል እሞ ፡ ፍቓድ ስምን ። ብዓል ቤት ሓደው ዓቢ ሰብ ከፍ በል ከይበለካ ፡ አብ ዘይገዛኻ፡ ተቓዳዲምካ ከፍ አይትበል ። ዝረባኻ ብሓጺር ንገር ።

ከሳስን ክሱስን ኳንኩም ክትጠርዑ ከሎኹም ፡ ብስርዓት ፡ በገ በብ ፡ በብተራ ዘዘረባኹም ንገሩ እምበር ፡ ምኹላፍን ምጽራፍን ነንሓድሓድካ ምትሕስሳርን ቄየቛን ምትህርራምሲ ፡ ስንፍናኻን ሕመቓን ኢዩ ዘርኢ ።

ክትሓልፍ ከሎኻ ፤ መስኮት ሓደው ማዕጾ ተኸፊቱ ምስ እት ርኢ ፡ እንታይ ይገብሩ አሎጢ ቢልካ አይትቀልቀል ፡ ግልጽ-ምል ጽ አይትበል ፡ አብ ዘየድልየካ ነገር ጥልቕ ቢልካ አይትእቶ ።

ምስ ዝኸነ ሰብ ፡ ቈጸራ እንተ ተቛጸርካ፡ አብታ ልክዕ ግዜ ተረኽብ ። ቈጸራ ዘሕልፍ ሰብ ዘይበዓል ቀጢም-ነገር ምኳኑ ይልለ ። ቈጸራ ዝሕሉ ሰብ ግና ጥንቁቕን አስተውዓልን ቀጢም - ነገረኛን ምኳኑ የርኢ ።

# ደ ብ ዳ በ

መንደፈራ ፣ ፮ ሕዳር ፲፱፻፹፮ ዓ. ም ።

ዓ ር ክ ይ  ካ ሕ ሱ ፣

ሓሙሽተ ዓመት ፣ መማህርትኻ ከም ዝነበርኩ ፣ ትዝክሮዶ ኢኻ ፤ አነ ነቲ ዝሓለፈ ንብረትና እናዘከርኩ ፣ ብዙሕ እሕጎስ አሎኹ ። ንስኻን አነን ፣ ቤት-ትምህርቲ ምስ ወዳእና ፣ ሓረስቶት ንኹን ከም እተበሃሃልና አይትስሕቶን ትኸውን ። ሎሚ ንስኻ ነታ ፣ ሕያወይቲ አደኻ ፣ አብ ገዛአ ፣ ብጀካ ሓጋዚ ፣ አብ ገጠር ሓዲግ ካያ ፤ አብ ከተማ ብዘይ ሰራሕ ትቕመጥ ከም ዘሎኻ ፣ ዘማይ ወልዱ ነጊሩኒ ።

ሕማቕ ጌርካ ፣ ዓርከይሲ ። እዚ ነገር'ዚ ምስ ሰማዕኩ ብዙሕ ጕሀየ ። እዋን ንአስንትና ብዋዛ አይነሕልፎ ። ሎሚ ኢዩ እቲ ቁም-ነገር እነስልጠሉ ግዝያት ። መሰታኻ ስለ ዝኾንኩ ፣ ብዙሕ ክመኽረካ አይክእልን ኢየ ። እንተ ኾነ ፤ አብ ገዛኻ ተመለስ እሞ ፤ ነታ ክተዕብየካ ብዙሕ ዝጻዓረትልካ ሕያወይቲ አደኻ ፣ አሓጕሳ ፣ ሓግዛ ፣ ኢለ ክመኽረካ ግቡአይ ከም ኸኾነ እስምዓኒ አሎ ።

እዛ ምኽረይ ዘለዋ ደብዳበ ፣ ብጽቡቕ ፍቓድ ተቐበላ ፣ ምላሽውን እጽበ አሎኹ ።

ብደሓን የራኽበና ።

ዘፍቅረካ ዓርክኻ ፣
ጸጋይ ገብረ ።



# መ ልሲ  ደ ብ ዳ በ

ዓዲ ኺላ ፣ ፫ ቃሕሳስ ፲፱፻፹፮ ዓ. ም ።

ዓ ር ክ ይ  ጸ ጋ ይ ፣

አብ መበል ፮ ሕዳር ፲፱፻፹፮ እተጻሕፈት ደብዳበኻ ፣ ተቐቢለያ ፣ ብዙሕ'ውን ተሓጒሸ ። እቲ ዝመኸርካኒ ምኽሪ ምስ አሎ በብኩ ፣ በዙሕ ነቢዔ ። ጕድለተይ እስምዓኒ አሎ ። ከምቲ ምኽርኻ ፣ ነታ ሕያወይቲ አደይ ፣ ዓጊበያ እየ እሞ ፣ ከይደ ብብርከይ ተደፊአ ፣ ይቕረ በልለይ ክብላ እየ ። ዘፍቅረካ ዓርከይ ፣ ድሕር-ሕጂ ፣ ነደይ ፣ ብስርሐይ ኵሉ ፣ ክሓጕሳን ክሕግዛን እየ ። ስለ'ቲ ሰናይ ምኽርኻ ፣ ብዙሕ አመስግነካ አሎኹ ። ስለምንታይ ደአ ብዛዕባ ወለድኻ ፣ አሕዋትካ ፣ ስራሕካን ጥዕናኻን ዘይጸሓፍካለይ ፤ አነ ብቐዳማይ ክዘልል ከሎኹ ተጀጽየ ፣ እግረይ ከተሕመኒ ቀኒያ ሕጂ ግና አጸቢቓ ሓውየ ፣ ደሓን አሎኹ ።

ብደሓን የራኽበና ።

ዓ ር ክ ኻ ፣
ካ ሕ ሱ  በ ር ሀ ።

# መ ር ዓ  ህ በ ይ

ሓደ አንበሳ ፣ ብጽሕቲ ጓል ነበረቶ ። ነዛ ጓል ፣ ሓደ ምር ኡይ ጎበዝ ወድ-ህበይ ፣ ነንበሳ ፤ "ጓልካ ሃበኒ ፣" ቢሉ ለመኖ ። አንበሳ ኸአ ፤ "ሕራይ ፣ ከም ድላይካ ይኹን ፣" ቢሉ ጓሉ ኪሕጸ

ፈቐደሉ ፡ ብኡብኡ ኸአ ንመርዓ ተቓጸሩ ። አብ'ቲ መርዓ ፤ ሐርማዝ አብ ዳስ ኮነ ፡ ዝብኢ አሰላፊ ኰይኑ ወዓለ ፡ ነብሪ አጋፋሪ ኰይኑ ዕዱማቱ ኬእቱ ዘይዕዱማቱ ድማ ኪኸልክል ወዓለ ፡ አብጉምበሕ ከበሮ ገይሩ አብ'ቲ ማእከል ዳስ "ግ...ሩም ረአና ፡ ግ...ሩም ረአና ፡" እናበለ የሹድድን ይደርፍን ነበረ ። አብ መወዳእታ ምስ ተበልዔን ምስ ተሰተን ፡ አህባይ ንዓዲ አሕምአም ከም ንቡር ፡ "በሊዕና ጸጊብና አፋንዉና" በልዎም ። አህባይ ገዝሞም ምስ ተቐበሉ እናዛለሉ ሓጎሶም ገለጹ ። ምስ ጽኑዕን ሓያልን ግርማውን ስለ እተዋሰቡ ሓጎሶም ብዙሕ ነበረ ። ወኻርያ ፡ ነቲ መርዓዊ ፤ ህበይ ወዲ ዘራፍ ንዓአቲ ፡ መርዓትስ አእቶኻያ ፤ ግበረላ ናይ አቦታታ ፡" ቢላ ደረፈትሉ ። ነብርን ዝብእን ዘይግቡእ ነገር ገበሩ ። ሓደ ካብ'ቶም ዋጭል ፡ ዘመድ'ቲ መርዓዊ ፡ ውጭ በለ'ሞ ፡ ነብሪ ፤ "ቅድሚ አቦታትካ አይትዛረብ ፡ ዘይቅጹዕ ፡ ቢሉ ሸጥ አበሎ እሞ ፡ ዓይኑ አንጠሮ ፡ ሓባል ኰይኑ ድማ ተረፈ ፡ ዝብኢ ድማ ፡ ንሓደ አረጊት ህበይ ፡ ነቶም ወፋር መርዓ ምርካበም ስኢኑ ፡ እናሓንከሰ ክመጸእ ተጓነፎ ። እቲ አረጊት ህበይ ፡ ዝብኢ ነገር ከም ዝደለዮ ጠርጠረ'ሞ ፡ ኪሃድም ተበገሰ ። ዝብኢ ኸአ ፤ "ዘማይ ህበይ ስጋ ሒዝኩም ናበይ ፤" ቢሉ አርኪቡ ቀቲሉ በልዖ ። አህባይ ነዚ ነገር'ዚ ሰሚዖም ጕሃዩ ፡ እንተ'ኾነ ናብ መርዓ ፡ ሓጎስ ደአ እምበር ፡ ጓሂ ምግላጽ ጽቡቕ ከም ዘይኮነ ስለ ዝፈለጡ ፡ አጽቂጦም መርዓ ቶም ሒዞም ፡ አብ ሓደ እምባ ሰፈሩ ፡ አብኡ'ውን ጽቡቕ ውራይ ተገይሩ ነበረ ። ንግሆ ሓደ ዘይተሓሰበ ነገር ፡ አብ'ቲ እምባ ተረኽበ ። በተን መዓልትታት ሕጽኖት ፡ እቲ መርዓዊ ፡ ምስ አዕሩኹ ዚብላዕ ነገር ኪዝርፉ ፡ አብ ግራሁ ከይዶም ፡ በብዓይነቱ እኽሊ አምጽኡ ። ካብ'ቲ እኽሊ ፡ ነታ መርዓት ሃብዋ ፡ እንተ ኾነ ፡ ንሳ እኽሊ በሊዓ ዘይትፈልጥ ኰይና ምብላዕ አበየት ። ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ፡ እቲ መርዓዊ ምኽሪ ደልዩ ፡ አብ ሓሙኡ ኸደ ። እታ መርዓት እኽሊ ምብላዕ ከም ዝአበየት'ውን አጸቢቑ ነገሮ ።

አንበሳ ፡ ብልዒ ጓሉ ከርኢ ፡ ነቲ መርዓዊ ሒዙ ፡ አብ አሓ ዘለውአ ሰፈር ወሰዶ ። ሽዑ ንሰብአይ ጓሉ ፤ "እንሆልካ ፡ ጓለይ እትበልዖ መግቢ ፡ ሕጂ ኪድ ንስኻ ፡ ሓንቲ ካብአተን ቀትል ፡ ሓደ



ው ናባይ ገጽካ አግልበን እሞ ፡ ባዕለይ ፡ ሓንቲ ስብሕቲ ላም ክቐትል ፡" በሎ ። እቲ ህበይ ዓቕሙ ስለ ዝፈለጠ ። "ሕራይ ፡ ናባኻ ገጸይ ክልግበን ፡" ቢሉ ከም ውዕሉ ኪገብር ከደ ። እንተ ኾነ ፡ አብ ጥቓ እተን አሓ ምስ በጽሐ ፡ ክይገለበ ፡ በቅርንተን ኪወግእአ እተና ፡ ንሱ ክአ ፈሪሁ አብ ሓደ አም ደየበ አንበሳ ጸገም ሰብአይ ጓሉ ምስ ርአየ ፡ ምእንቲ ክድሕና አብ ማእከል እተን አሓ እትዩ ፡ ሓንቲ ስብሕቲ ላም ድማ ቐተለ ። እቲ ህበይ ሓንቲ ላም ሞይታ ምስ ረአየ፡ ኪጕዝያ ክብ'ቲ አም ወረደ ። ምስ'ታ ምራዱ ፡ እተን ዝተረፋ አሓ ፡ ካብ አንበሳ ፈሪሀን ሃደማ ። እቲ አንበሳ ፡ ሰብአይ ጓሉ ዘህደመን መሰሉ'ሞ ። ሓንቲ ካብተን አሓ ክንዲ ዚቐትል አህዲሙወን ፡ ቢሉ ሕመቑ ርእዩ ፡ ምስ'ቲ ህበይ ተኺረየ ። ካብ እምብዛ ነድሪ እተላዕለ ድማ ንሰብአይ ጓሉ ቐተሎ ።

ምስ ዘይመዘናኻ መውስቦ ዚበዝሕ ጊዜ ጓሂ የምጽአልካ ።

# ሰለስተ ሰረቕቲ

አብ ሓደ ሰፊሕ ሃገር ፡ ሓደ ሕያዋይ ሃብታም ሰብአይ ፡ ነበረ ይብሃል ። ሓንቲ መዓልቲ ፡ ሰለስተ ሰረቕቲ ፡ መቸም ሰራቒ እሽንኳይ ካብ ሃብታምስ ፡ ካብ ድኻ'ኳ ይሰርቅ ኢዩ'ሞ ፡ ናብ ቤት እቲ ሃብታም ከይዶም ፡ ብዙሕ ወርቅን ብሩርን ሰሪቖም ፡ ናብ ዱሮም ከዱ ። አብቲ ሰፈሮም ፡ ናብ ብዓቲ ብዝእተወ ግና እንጌራ ወዲአም ስለ ዝነበሩ ፡ ነቲ ሓደ ብጻዮም ፡ እንጌራ ኺዕድጎሎም ቢሎም ፡ ናብ ከተማ ሰደዱዎ ።

እቶም ዝተረፉ ክልተ ሰረቕቲ ኸአ እቲ ብጻዮም ካብታቶት ብዝረሓቐ ፡ ከምዚ እናበሉ ኪማኸሩ ጀመሩ ፡ እዚ ሰሪቕናዮ ዘሎና ወርቅን ብሩርን ፡ ናይ ክልተ ሰብ ዋራይ እንተ ዚኸ

ውንሲ፡በብዙሕ ገንዘብ ምበጽሓና ነይሩ፡ሕጂ ኣብ ሰለስተ እንተ መቐልናዮ ግና ፡ ቈቑሩብና ጥራይ ኪበጽሓና ኢዩ ። ብሚይና ምስ መጸ ንቕተሎ፡ነቲ ብጽሒቱ ድማ ንኽልቴና ንማቐሎ ቢሎም ተሰማምዑ፡ኪመጸሎም እናተሃወኹ ድማ ይጽበዩዎ ነበሩ ።

እቲ ብጻዮም ከኣ ፡ ብወገኑ እንጌራ ኪዕድግ ኪኸይድ ከሎ ክምዚ እናበለ ይሓስብን ይትምነን ነበረ፤ "እዚ ዝሰረቅናዮ ወርቕን ብሩርን ፡ ንበይነይ እንተ ዚኸውንሲ፡ንምሉእ ዕድመይ ምእኽለኒ ነይሩ ። ስሚ ደሞ ዓዲገ ክምለስ እሞ ፡ ኣብቲ እንጌራ ነስኒሰ ኽብልዖም ፡ እቲ ኵሉ ወርቕን ብሩርን ድማ ነኣይ ንበይነይ ምኾነኒ" ቢሉ ሓሰበ ። እንጌራን ስምን ዓዲጉ ፡ ከብ'ታ ኸተማ ኣዚዩ ብዝረሓቐ ፡ ነቲ ስሚ ኣብ'ቲ እንጌራ ነስነሰ ።

ኣብ ጥቓ እታ ሰፈር ብዝበጽሐ ፡ እቶም ክልተ ብጾቱ ኣብ ገረብ ተሓቢኣም ጸኒሖም - ቀተሉዎ ። ነቲ ሬሳኡ ኣርሒቖም ደርብዮም ፡ ነቲ እንጌራ ሒዞም ፡ ናብቲ በዓቶም ኣእትዮም ፡ ኪበልዑ ተቐመጡ ። ግናኸ ፡ ገለ-ቑሩብ ዥላሶ ብዝኸሰሱ ፡ ኣማዑቶም ተቐሪጬም - ተቐሪጬም ብዓብዪ ስቓያት ሞቱ ። ድሕሪ ቑሩብ መዓልታት ፡ ጓሶት ነቲ ሬሳኦም ረኺቡዎ ንመንግሥቲ ኸኣ ኣፍለጡ ። መንግሥቲ ዘብዔኛታት ልኢኹ ነቲ ሰፈር ብዝመርመሮ እቲ እተሰርቀ ወርቅን ብሩርን ገለ'ኳ ከይተነከየ ኣብቲ በዓቲ ተኸሚሩ ጸንሖ ፡ ናብ'ቲ ናይ ሓቂ ዋናኡውን ተመልሰ ። ይበሃል ።

ብተንኰል ንኻልኣት ዝኹዓትካያ ጕድጓድ ብዕል'ኻ ትኣትዋ ።

ግርማይ ፡ ገብረሥላሴ ።

# ከመይ ን ብየናይ ጊዜ ን ኪብላዕ ከም ዚግበእ

እቲ ኣብ መኣዲ ኪብላዕ ዚግበእ መግቢ ፡ ብውሱን ጊዜ ሓደው ሰዓት ከየዘናበልካ ክትምገበ ይግበእ ። ሰብነት'ውን ይለም



ዶ'ሞ ፡ ክሳዕ'ቲ ምዱብ ጊዜ ፡ ክይጠመ ይጸንሕ ። መመሊኽካ ምብላዕ ግን ፡ ነቲ ኣብ መዓልቲ ኪብላዕ ተመልኪቱ ዘሎ ፍሉጥ መግቢ ፡ ንምሕቃቕ ይኸልኦ ። እቲ እተበልዔ መግቢ ክሳዕ ዚሓቐቕ፡ ግዲ ጊዜ፡የድልዮ ኢዩ ። ካብ ሓደ መግቢ ክሳዕ እቲ ክልኣይ ፡ ኣርባዕተ ሰዓት ኣብ መንጎኡ ኪረሓሓቕ የድሊ ። ክምዚ እንተዘይኮነ ግን ፡ እቶም ንምሕቃቕ ዚሕግዙ ጽኪ ይደኽሙ እቲ እተበልዔ መግቢ ስለ ዘይሓቐቕ ፤ ቁርጸት ወይ መንፋሕቲ ይልዓል ። ስለ'ዚ እዞም ጽክታት ዕረፍቲ ክም ዘድልዮም ምዝካር የድሊ ኢዩ ። እቶም እኹላት ሰባት ፡ ንመዓልቲ ሰለስተ ጊዜ ኪበልዑ ምተገብኦ ። ክምኡ ጥራይ ኢዩ ንሰብነት ዚሰማምዖ ። ቁልዑ ግና ፡ ኣርባዕተ ጊዜ ንመዓልቲ ኪበልዑ የድሊ ። መግቦም ተሪር ስለ ዘይኮነ ፡ መመሊኽካ ምብላዕ ልምዲ ገሊኣቶም ሃገራት ኢዩ ። ኣብ ሃገርና ግን ፡ መግቢ ከመይ ቢሉ ክም ዚሓቐቕ ክንደይ ጊዜ ድማ ክም ዘድልዮን ፡ ዘይፍለጥ ስለ ዝኾነ ፡ ክምቲ ተመልኪቱ ዘሎ ናይ እኹላትን ናእሽቱን ኣመጋግባ ፡ ክምቲ ሰብነት ዕዮኡ ዚፍጽመሉ እንተ ነገርኩዮም ኣይኣምኑን ። በዚ ምኽንያት'ዚ ብዙሓት ሕጻናት ይሓሙ ። ብጊዜ ብልዒ፡ሰብነት፡ህዱእ፡ዘሽግር ሓሳብ ዘይብሉ፡ኪኸውን ይግበእ ። እናበላዕካ ምንባብ እሞ ምስጢሩ ክትገልጽ ዘየድሊ ኢዩ ። ማለት ፡ ነቶም ኣብ ሓንጎልን ኣብ ከስዔን ዘሎዉ መንገዲ ደም ፡ ኣንድነቶም ይፈላሊ ። ስለ'ዚ ክትበልዕ ከሎኻ ፡ ቀስ ቢልካ፡ ብጣዕሚ እናሔኽካን እናዋጋዕካን ምምጋቡ ይግበእ ። በዚ ጊዜ'ዚ ማይ ዘድሊ እንተኸይኑ'ውን ፡ ቑሩብ ደኣ ይሰተ እምበር ፤ እንተ በዝሒስ ነቶም ንምሕቃቕ ዚሕግዙ መጸጽቲ ይብጽብጾም'ዋ ዘይጠቕሙ ይገብሮም ። ናይ ስድራ ቤት መግቢ ፤ ባህ ዘብል ፡ ሕጉስ ፡ መንፈሳዊ ዕረፍቲ ዘለዎ ፡ ክኸውን ይግበእ ። በዚ ዘበንና ስድራ ቤት ዅሎም ፡ ክየቋረጹ ዚእከቡሉ ጊዜ ፡ ንሱ ጥራይ ኢዩ ። ስለ'ዚ እቲ መኣዶም ህዱእ ፡ ሰላማዊ ይኹን ። እቲ መግቢ መኣዛ ዘለዎ መሪጽካ ምምጋብ ኢዩ ዘድሊ እምበር ፡ እንተ ተቓመመስ ጥቕሚ ዚውስኽ ኣይከነን ። ቤትን ሰደቓን ድማ ጌጸኛ እንተዘይኰነ ዘሸግር ነገር ኣይኰነን ፡ ግን ጽሬት ኢዩ

ዜድሊ ። ማለት ፤ ጽሬት ፡ ፈልፋሊ ጥዕናን ሥልጥኔን ኢዩ ። ድሕሪ ብልዒ እቲ ዝበላዕክዮ መታን ኪሰማማዕ ዕዮ ከይጀመርካ ቍሩብ ዕረፍቲ የድሊ ።

እዝራ አውዓሎም ።

# ተ ዋ ስ ኦ

## አ በ ን ወ ድ ን

ወዲ ፤ አንታ አቦ ኲሉ ሃገር ኪስልጥን ፥ ሃገርና እንታይ ረኺቡያ ኢያ ፥ ክይሰልጠነት ክሳዕ ሎሚ ደንጕያ ዘላ ፤

አቦ ፤ እወ ወደይ ፡ ድሕሪት ካብ ምሉእ ዓለም ተሪፋ እኒሃ ፥ ምኽንያቱ ድማ ፥ ስእነት ትምህርቲ ኢዩ ።

ወዲ ፤ ትምህርቲ እንተዚርከብ ህዝቢ ምሰልጠነዶ ይመስለካ፤

አቦ ፤ እወ እንተኾነ ግዳ ብዙሕ ጻዕርን ሓልዮትን የድሊ ። ካብ ቀዳማይ እዋን እኳ ፡ በዚ እዋንኩም እናሐሸ ይኸይድ አሎ ። ጥበብ ይናፈቕ ፤ ሽቓጥ ይፍቶ፥ትምህርቲ ይድለ አሎ ።

ወዲ ፤ ቀዳሞትዶ ጥብብን ሽቓጥን ይጸልኡ ነይሮም ኢዮም፤

አቦ ፤ እወ ንጥበብ ዘሎዎ ይጽየፍዎ ፤ ንዝሽቅጥ ድማ የናሽውዎ ነይሮም ።

ወዲ ፤ ወይ ግሩም ፥ ለከ በዚ ምኽንያት ኢዩ ፥ ሃገርና ንድሕሪት ተሪፋ ዘላ ፤ እምበአር አበይ ስማዕ ፤ ብእዋንና ስልጣኔ ናብ ሃገርና ክምዚአቱ እስማዒ አሎ ። ጥበበኛታት ክንከውን ኢና ዘድልየና ድማ ብዕልና ክንሠርሕ ኢና ።

አቦ ፤ አምላኽ ይሓግዝኩም ።



# ተ ዋ ስ ኦ

## ዕ ዉ ር ን ጥ ው ይ ን

ዕዉር ፤ ዓርከይ፥ከማዓልካ፤ደሓንዶ፥ውዒልካ ፤ መንገዲ ምርሓኒ ጽድቃን ክኽነካ፥ብዘብሎ ጠፍእኒ ፈጣሪ የርእኻ፥ዓዲ ምእታው ሲኢነ ተደርቢየ አብ በረኻ፥ዓርከይ ራሕርሓለይ በጃኻ፥ዓዲ አትየ ክዛረብ ምሳኻ፥ብርሃንውን ክልቃሕ ካባኻ።

ጥውይ ፤ ዓርከይ ምርሓኒ እትብለኒ ፡ ንዓናይ ምሰይ እናበልኩኻ አቢኻኒ፥አነ ክመሃር ክሎኹ እናሰሓቕካኒ፥ክጽንዕ ክሎኹ እናባጮኻኒ ፥ እዚ ሎሚ ምርሓኒ እትብለኒ ፡ ንዓኻ ክመርሕ ክንደይ ጻዕሪ እሎኒ፥እነስ ክመሃር ኢየ ጊዜ ከይሓልፈኒ አብ ርእሲ ብርሃን፥ብርሃን ክውሰኸኒ፥ከማኻ ከይነ ክይተርፍ ዕዉር አእምሮ ፥ ዕዉር ዓይኒ ።

ዕዉር ፤ ዋይ አነ ፡ ዋይ አነ፥ዓርከይ ብሓቅኻ ሽውስ አብየካ ፡ እምበር ንስኻስ ምዒድካኒ ኔርካ ፡ ሎሚ አረኽበ እኔኹልካ ፥ አብ ክንዲ ንዓዲ እኽይድ ንበረኻ፥— ዓርከይ ራሕርሓለይ በጃኻ፥ንወትሩ ክኽውን ሓውኻ ፥ ንወትሩ ክኽውን ፈታዊኻ፥ካብ'ዛ ጸልማት'ዚኣ አውጽአኒ ኢኻ ።

ጥውው ፤ ጸላም ዝበልክዮ ብሓቅኻ፥ዓይንኻ እናረአየ ተዓጽዩ አእምሮኻ ፥ እትምንታይ ትምህርቲ ስለ ዘይብልካ ፥ ጒደሎኬንካ ተሪፍካ እኔኻ ፥ ጨራ ብርሃን ክትረክብ እንተደአደሊኻ ወትሩ ጸዓር ኢኻ ፡ እትምንታይ ገደልን ጐልጐልን ክትርእየሉ ፥ አሻጕን ገረብን ክትርእየሉ ፥ ጸላምን ብርሃንን ክትፈልጠሉ ፥ ክፉእን ጽቡቕን ክተለልየሉ ፥ ብትምህርትኻ ሕድርኻ ነፍስኻ አድሕነሉ ።

# አ ደ

አንቲ ሕያወይቲ አደይ ፣ አነ እፈቱ ንኣኺ
ኵሉ ስድራ ፣ ይናበ ብኣኺ
ንኹሉ ፣ ትከናኸንዮ ንስኺ
ክትስሕቂ እስሕቕ ምሳኺ
ክትጕሂ እጕሂ ምሳኺ
መብራህቲ ገዛ ንስኺ ኢኺ
አደይ መዓረይ ሓደራኺ
ንቕድሚት እምበር ንደሓር አይትበሊ ኢኺ
ስልጣኔ ኪመጽእ ናብ ገዛኺ
ሕጉሳት ኵንና ክንነብር ምሳኺ ።

አንቲ ደስታ ልቢ ብርሃን ዓይኒ
ገጽኪ ክርኢ የሓጕሰኒ
እንጌራኺ ክበልዕ የጽግበኒ
ክብ ገዛእ ርእስኺ አብሊጽኪ ትርእይኒ
ይመስገን ፈጣሪ ንኣኺ ዝሃበኒ
ንኣኺ እንተዘይርኤኹ ምድሪ ይጽልምተኒ ።

አደይ አደይ ሓደራኺ
ጠምትኒ ንዓይ ንወድኺ
አነ ኢየ ተስፋ ናይ ዓድኺ
ፍረይ ክህብ ኢየ ንኣኺ
አጸቢቕኪ ኰስኵስኒ ኢኺ
በዚ ሎም አይትጸብጽቢ ጻዕርኺ
ክትረኽቢ ኢኺ ጽቡቕ ጻማኺ ።



# አር·ሓ ደርሆን ወኻርያን

አብ ርእሲ ሓንቲ አም ዘብዐና
ሓደ አርሓ ደርሖ ነበረ ተንኰለኛ
ሓንቲ ወኻርያ መጺአ ናብኡ አቢላ
ጸላይት ፈላሲት ተመሲላ
ከምዚ በለቶ ዘረባ አመቕሊላ ።

## ወ ኻ ር ያ

አንታ ዓርከይ አርሓ ደርሆ ፋና
ሰሚዕካዮ ዲኻ እዚ ዕርቕና
ንሕና እዘም ዓበይቲ ዘበልና
ብቐዳማይ ሰንበት ዋዕላ ገበርና
ከይንቐርበኩም ተመሓሒልና
ትስበረኒ ምሒልና ዋሒልና
ውረድ እንዶ ግዳ ሰዓመና
ጽቡቕ ዕርቂ ሰላም ኪገብረልና ።

## አ ር ሓ ደ ር ሆ

አነእንተ ወረድኩ ክስዕመኪ
ስጋ ደረውህ ዝለመድኪ
ሰጋ መሓስአት ዝለመድኪ
ስቕ ደሞ ትብል እታ አፍኪ
እፈልጠኪ እየ እፈልጠኪ
ብዘይ ንሱ ምሒልኪ ዋሒልኪ

ክንደይ ፍጥረት እሞ ዘየጥፋእኪ
ዕርቂ ደሎ ምስ በዓል ንስኺ
ኩሉ ርእሱ ዓሻይ ይመስለኪ
ሕልፍ ደአ በሊ ሰማዕናኪ
ዕደ ብልዒ እነ ክወርደልኪ ።

ወ ኻ ር ያ

ዓርከይ አርሓ ደርሆ ወድ'ዘን ቀቐውቲ
ንዓይ ክትቔጽረኒ ምስ ጠለምቲ
ንዓይ ክትቔጽረኒ ምስ ሰረቅቲ
ንዓይ ክትቔጽረኒ ምስ ቀጠፍቲ
ንዓይ ክትቔጽረኒ ምስ ሓሰውቲ
አነ ዝዛረቦ ዘረባ ዓበይቲ
ሓሶት ዘይኮነ ናይ ኡነት
አብ ማእከልና ዝነበረ ጽልኢ ቅርሕንቲ
ተረፉልና እብለካ ሰማዒ ክፈቲ
በዚ ሎሚ ብጽቡቕ መዓልቲ
አነ ኰይነ'ሞ ክሐልፍ ህውኽቲ
ናብ ኩሉ ሰብና ክብጽሕ እዛ ወረ ጽብቅቲ
ውርድ እንዶበል ናብ'ዛ ታሕቲ
ስዕም ክብለክ ናይ ጓል ሓውቲ ።

አ ር ሓ ደ ር ሆ

ናይ ጓል ሓውቲ ዲኺ ትስዕምኒ
አበየናይ ርባ ትፈልጥኒ
አብየትኒ ጉርሒ እብየትኒ



አብዛ ታሕቲ ውረደለይ እትብልኒ
መሓርኒ ቢለካ አይትምሕርኒ
ግደፍኒ ቢለካ አይትገደፍኒ
ብሓደ አፉ ዓሻ ክትገብርኒ ።

ወ ኻ ር ያ

ምእማን ሲኢንካኒ ንዓይ ንሓብትኻ
አበይ ኢለ አበይ ድቡስራኻ
ምስ ዓበይቲ ጽልኢ ዘይብልኻ
ሓራ ወጺእኩም እንዶ ንብለካ
በይንኹም ክትከዱ ንበረኻ
ሐስየ ክዛረብ ንዓኻ
ውርድ እንዶበል ስዕም ክብለካ
ሽው ክትርኢኒ እንተ ዘይአመንካ ።

አ ር ሓ ደ ር ሆ

ምስ በላዕኪ መንዩ ዝነግረለይ
እነስ አይወርድን አይፋለይ አይፋለይ
ምስ ጓል ደቡስራኻ ዕርቂ የብለይ
በረኻ ዝወርድ እግሪ የብለይ
ደሊኺባ ክትላገጽለይ
ይመጽእ እሎ'ሞ እኒሀለይ

## ወ ኻ ር ያ

ክንደይ ትኽፍእ ክንደይ'ሞ
አብ ክንዳኻ ንኽልቢ ክስዕሞ
ሎምስ ተሃዊኽ አሎኹ'ሞ
ድሓን ኩን ንዝኊሔር ይጥዓሞ
ዳሕራይ መዓልቲ ንስዓዓሞ ።

* * *

አርሓ ደርሆ እናነቀወ ፤
ኪኪ - ሪኪ ኪበልዓኪ ፡ በላ'ሞ ።
ንሳ ኸአ እግረይ አውጽእኒ እናበለት ሃደመት ።

አስፍሃ ካሕሳይ ።

## ድ ሃ ያ ት

ኵላቶም ፍጥረት ፡ ሰብን እንስሳን ዘዘረብአምን ደድሃዮምን አለ ውዎም ። እንሆ እቲ በበይኑ ዝኾነ ዘረባታትን ደሃያትን ምን ቃውን ።

ሰብ ይዛረብ ፡ ይዝምር ፡ ይስሕቕ ፡ የእዊ ፡ አስናኑ ይሕርቅም ፡ ሕሽ [illegible] ይብል ፡ ይድሙስ ፡ ይስዕል ፡ ይበኪ ፡ ይጭድር ።



## እ ን ስ ሳ

ተባዕታይ ደርሆ ይነቁ
አንስተይቲ ደርሆ ትቒቒ
ጨጨውት ጭቑ-ጭቑ ይብሉ
ተመን ይፋጺ
አድጊ ይሃልል
ከልቢ ይነብሕ
በጊዕ ቤዕ ትብል
ዝብኢ እንጉይ ይብል
ነብሪ ሑብ-ሑብ ይብል
ህበይ ቱሕ ይብል
እንበሳ እር ይብል
ፈረስ ይሕምሕም
ገመል ይግዕር
ጤል ሜእ ትብል
መፍለስ ኵሪፍ ይብል
ርግቢት ትሕንሕን
ንህቢ ኒን ይብል
ዕንጭራር ጪጭ ትብል
ላም እምባሕ (ሒሕ) ትብል ።
አሓ ግዒሮ ይገብሩ
ጺን ጺጽ ትብል
ድሙ ኛው ትብል

# ደሃይ ብሰብ ዝተሰርሑ መሳርያታት

መናፍሕ ፋሕ-ፋሕ ይብል
መሰንቆ ይሀረም
መለኸት ናር - ናር ይብል
እምብልታ ይንፋሕ
ከበሮ ዲም - ዲም ይብል
ማዕጾ ዓጠዋ ይብል
ቃጭል ይቃጨል
ደወል ይድወል
ዓረብያ ደርጓዕጓዕ ይብል
ጩጉራፍ ጥዋዕ ይብል
ባቡር ትፋጺ
መድፍዕ ቡም ይብል ።

# ደሃያት ባህርያ

ንፋስ ይነፍስ
ዝናም ይሃምም (ሽው) ይብል ።
ነጕዲ ይነጕድ
ማይ ይግንፍል
መሾምበባ የሽምብብ
ሓዊ ሃልሃል (ቃልቃል) ይብል ።



# ኣበን ወድን

ሓንቲ መዓልቲ ኣቦን ወድን ኪሰርቁ ቢሎም ከዱ ። ኣብታ ኪሰርቁዋ ዝሓሰቡ ቤት ብዝበጽሑ ኸኣ ፡ እቲ ኣቦ ነቲ ወዱ ፡ — "እነ ክኣቱ ኢየ ፡ ንስኻ ግና ኣብ ግዳም ኲንካ ፡ ኣጸቢቕካ ሓሉ ። ምናልባሽ ፡ ሰብ እንተረኢኻ ድማ ፡ ፋጽየለይ ፡ ሓደው ከኣ ፡ ሰላሕ እናበልካ ጸውዓኒ ።" እቲ ወዲ "እሺ ኣቦይ" ቢሉ ፡ ኺሕሉ ኣብ ድነ ደጎል ተጸግዒ ። እቲ ኣቦ ኸኣ ሓጹር ጥሒሱ ፡ ማዕጾ ከፊቱ ፡ ኺሰርቕ ኣተወ ።

ብድሕርዚ እቲ ወዲ ፡ "ቅድሚ ኹሉ ፡ እዚ ዘይገንዘብካ ሰሪቕካ ምውሳድ፡ ብእግዚኣብሄር እተጸልኤ ኢዩ ። ደሓር ድማ ፡ ድንገታዊ ዝኸነ ግብሪ ኢዩ'ሞ ፡ እዚ'ዚ ውዒሉ ሓዲሩ ፡ ኣብ ሓደ ዓብዩ ጭንቂ ከይወደቐ ፡ ምናልባሽ'ውን ቀልጢፉ ኣብ ሞት ከይበጽሕ ኣይተርፍን ኢዩ ። እነ ድማ ዘኸታም ኰይነ ክተርፍ ኢየ ። እቲ ክብ ኵሉ ዝገደደ ኸኣ ፡ እቲ ብዛዕባ ኣማውታኡ ብድሕሪኡ ዚዝንቶ ክፉእ ዛንታ ኢዩ ። እገለ ወዲ እገለ ፡ ከምዚ ዝበለ ጽቡቕ ግብሪ ሕያውነት ኪገብር ኪብል ከሎ ሞይቱ ፡ ሓደው ከኣ ከም ሰቡ ሓሚሙ ሞይቱ ተባሂሉ ኺዝንቶ ኸሎ ኢዩ ጥዑም እምበር ፡ ኪሰርቕ ክብል ቀቲሎሙዎ ተባሂሉ ኪዝንቶስ ፡ ንኣኡ ኸነ ንኣይ ፡ ሓደ ዓብዩ ነውሪ ኢዩ ። ኣውራ - ኣውራ'ኳ ንኣይ ዝገደደ ስቓይን ነውርን ከይኑኒ ኪነብር ኢዩ ። እምበኣርከስ ሰብ ከም ዝረኣኹ ኣምሲለ ደኣ ከድህዮ በለ ። እዚ ቢሉ ድማ ፡ ከምታ ተዋዓዒሎሙዋ ዝነበሩ ገቢሩ ፡ ድምጺ ኣስምዖ ። እቲ ኣቦ ኸኣ ፡ ክብ'ቲ ሓደ ኣቕሓ ናብ'ቲ ሓደ ኣቕሓ ሃሰስ እናበለ

ጸ. ብዝሰምዔ ተቐላጢፉ ወጸ ። ወጺኡ ናብ የማን ናብ ጸጋም ቍሊሕ-ምሊሕ እንተበለ ግና ፡ ብጀካ'ቲ ወዱ ሓደ'ኳ አይረአየን ። ተገሪሙን ሓሪቑን ፤ “እንታ ክፉእ ፡ ስለምንታይ ድአ አንኰላለ ፍከኒ ፤ አቕራሽ አብ ከረጺት ፡ ወርቂ አብ ሳንዱቑ ፡ እኽሊ አብ ቆፎ ፡ ከብቲ አብ ደምበ ፡ ኩሉ ሽሻይ መሊኡ ኸሎስ ሓንቲ'ኳ ኽይሓዝኩ ዝርአኻ ዘይብልካስ አልዕል አቢልካ ከተሰንብደኒ ፤” እና በለ ነቲ ወዱ ገንሖ ። እቲ ወዱ ድማ ፡ ብህድአትን ብፍቕርን ፡ “አፀይ ሰብ እኳ እንተዘይረአየናን ፡ እንተዘይረኤናን እቲ ኩሉ ዚርኢ አምላኽ ይርእየና አሎ ቢለ ኢየ ዝጸዋዕኩ'ኻ” በሎ ። ሽው እቲ አቦ ፡ በቲ አብ ወዱ ዝሓደረ ቅዱስ-መንፈስ ተሰነፈ'ሞ ፡ ነቲ ሓሲቡዎ ዝነበረ ክፉእ ሓሳብ ሓዲጉ ፡ እናተጣዕሰ ብጅሕንን ብሰላምን አብ ቤቱ ተመልሰ ።

እተፈተኹም አሕዋተይ ፡ አባና'ውን ፡ ከምቲ ዝበለ ቅዱስ-መንፈስ ኪሓድር'ሞ ፡ ንርእስና ካብ ጥፍአት ድሒናስ ን'ኻልኦት ከአ ካብ ጥፍአት ክነድሕን ግቡእና ከም ዝኾነ ንዘክር ።

ሳህለ ዑቕበ-እንድርያስ ።

# እ ሙ ን ዓ ር ኪ

ፒትያስ ዝብሃል ጐበዝ ፡ ንጉሥ ዘይፈትዎ ነገር ስለ ዝገበረ አብ ቤት ማእሰርቲ ተአሲሩ ነበረ ። በቲ ዘበን'ቲ ዲዮኒስዮስ ዚብሃል ጨካን ንጉሥ ይገዝእ ነበረ ። ንሱ ንፒትያስ ሞት ኪመውት ፈረደሉ ። ፒትያስ ከአ ቅድሚ ሞቱ ነቶም አብ ርሑቕ ዚነብሩ ዝነበሩ ወለዱን አዕሩኹን ኪርኢ ተተምነ እሞ ፡ “ቅድሚ ሞተይ ንቤተ-ሰበይ ደሓን ኩኑ ኪብሎም ፡ ተመሊሸ ድማ ህይወተይ ንሞት ክውፊ ፍቓዱለይ” ቢሉ ነቲ ንጉሥ ለመኖ ።

እቲ ጨካን ንጉሥ ከር-ከር ቢሉ ሰሓቐ ፤ “ንስ'ኻ ንእይ አታ ሊልካ ንሰብነትካ ካብ ሞት ከተድሕና ትደሊ አሎኻ ፡ እንተ ዘይ



መጸእካ እንታይ ዋሕሱ ኪሕዘልካ ኢየ ይመስለካ ፤ ቢሉ ምላሽ ሃበ ።

ድሕር'ዚ ሓደ ጐበዝ ዳሞን እተባህለ ፤ እንጉሥ ፡ አብ ክንዲ ዓርከይ ፒትያስ ንአይ አብ ቤት - ማእሰርቲ አእትውኒ ነዚ ዓርከይ ግና መታን ስድርኡ ኪስናበት አብ ዓዱ ይኺድ ሕደን ። ፒትያስ ፡ ከምታ ዘተሰረዋ ተስፉ ቃሉ ሓልዩ ከም ዚምለስ ፡ ጠላም'ውን ከም ዘይኮነ አጸቢቐ እአምኖ ኢየ ። ዝኾነ እንተ ኸነ ድማ ፡ በታ መዓልቲ ቁጸራ ንሱ እንተ ዘይመጸ አብ ክንድኡ አነ ክመውት ፡” ቢሉ ተዛረበ ።

እቲ ንጉሥ በዚ - ዘረባ'ዚ ፡ ስብነትካ አብ ክንዲ ብጫይካ ምሕላፍ ብርቱዕ ነገር ከም ዝኾነ እናሓሰበ ፡ ብዙሕ ተገረመ ። ንፒትያስ ከአ ኪኸይድ ሐደን ፡ እንተ ኸነ ዳሞን አብ ክንድኡ አብ ቤት ማእሰርቲ ኪጸንሕ አዘዘ ።

ድሕሪ ሓያሉ መዓልታት ፡ ቁጸራ ፒትያስ እናቐረበ ኸደ ። ኤረ ፡ እታ ቘጸራ ሞት ዚሞተላ ሰዓት ፡ እዝያ ቐረበት ። ንሱ ካብ መገሻኡ አይተመልሰን ። እቲ ንጉሥ ፡ ነቲ ሓላው እሱራት ፡ ንዳሞን አጸቢቑ ኪሕልዎ ክይሃድም'ውን አዝዩ ክጥንቀቐሉ ፡ አምሪሩ ነገሮ ። ዳሞን ንምህዳም አይሃቀነን ። እቲ ዓርኩ ሓላው ቃሉ ፡ ክቡር ሰብ ከምዝኾነ ፡ ክሳዕ'ታ ናይ መወዳእታ ሰዓት ምሉእ እምነት ነበሮ ። ኤረ ፡ ወሲኹ ደአ ፤ “ዓርከይ ፒትያስ አብ'ታ ቘጸራኡ እንተዘይመጸ ድንገት ረኺቡዎ ክይኑ ኢዩ እምበር ፡ ከቶ ብኽፍአት ልቢ አይተርፍን'ዩ ፡” ቢሉ መስከረሉ ። እታ እዋን ቁጸራ በጽሐት ። ዳሞን ከአ ንሞት ተዳለወ ። ንዓርኩ ክሳዕ መወደእታ አመኖ ። አብ ክንድ'ቲ አዝዩ ዜፍቅሮ ዓርኩ መዋት ድማ ከም ዘሓጐሶ ፡ ገለጸ ።

እቲ ሓላው - እሱራት ፡ ንዳሞን ካብ ቤት - ማእሰርቲ አብ'ቲ ስፍራ ሞት ኪወስዶ ኺብል ከሎ ፡ እንሆ ፒትያስ አብ'ቲ ደገ አፍ ጠበቐ በለ ። ምኽንያት መደንጉይኡ ፤ ኪምለስ ከሎ ብርቱዕ ህበብላ ተላዒሉ ስለ ዝነበረን እታ ንሱ ዝነበራ መርከብ'ውን ስለ እተሰበረትን ኢዩ ። ስለ ዝደንጐየ ብዙሕ ጕሃየ ። ብቕልጡፍ ንዳሞን ሰላም በሉ ...

ሓላው - እሱራት ሓለፈ ። ሽሕኳ ደንጕዩ እንተመጸ ቁሩባት ሚኑ ታት ተሪፈን ከሎዋ ስለ ዘርከበ ፡ ብዙሕ ተሓጒሰ ።

ወዮ ጨከን ንጉሥ ፡ ከምዚ ዝበለ ምግባር ሰናይን ምትእምማንን ብምርአይ ብዙሕ ኣሓጒሰ ። ሰባት ከም ፒትያስን ዳሞንን ንንሕድሕዶም ኪፋቐሩን ኪተኣማመኑን ብዘይ ፍጠቅም ነገር ኪስቀዩ ኣይግባእን ዚብል ሓሳብ መጸ'ሞ ፡ ንኽልቲኦም መሓሮም ።

እቲ ንጉሥ፤ "ናይ ሓቂ እሙን ዓርኪ መታን ክረክብ ፡ ዘሎኒ ኹሉ ሃብተይ ምሃብኩ ፡ " በለ ።

# ሓደ ውላድ ሓርማዝን ሓንቲ እንጭዋን

ሓደ ውላድ ሓርማዝ ፡ ሓደ እዋን ፡ ኣብ ማእከላይ ኣፍሪቃ ፡ ኣብ ሓደ ብርቱዕ ዱር ፡ ምስ ኣዲኡ ይነብር ፡ ነበረ ። ብምጽባቑ እቲ ዱር ብዙሕ ዘገርም ነበረ ። ኣብኡ በብዓይነቶም ጥዑም ዝሽትኣም ዕምባባታት በቝሎም ነበሩ ። እቲ ውላድ ሓርማዝ ፡ ኣዲኡ ቤታ ኽሳዕ እትዅስትር ፡ ግዳም ወጺኡ ኪስሓቕ ፈቐደትሉ ። ከም እትፈልጡ ውላድ ሓርማዝ ኣብ ቤት - ትምህርቲ ከይዱ ኣይመሃርን ኢዩ ። ) ወዮ ውላድ ሓርማዝ ፡ ኣብ ቀረባ ክንዲ ዚስሓቕ ፡ኣርሒቑ ከደ ። ንሱ ነቲ ዱር እናገልሀን እናኣሸተተን ሰንደልደል እናበለን ኣብ ኣእሻሹን ጨፈቃን ዘለዎ ሰፈር በጽሐ ። ኣብኡ ፡ ሀበይ ፡ ካብ ሓደ ነዊሕ ጨንፈር ገረብ ፡ ኣብቲ ስግር ዘሎ ጨንፈር ገረብ ኪሳገሩ ፡ እትማን ድማ ሰላሕ ቢሎም ኣብ'ቲ ልሙጽ ልሕጺ ኣግራብ ኪለሙ ፡ ኣ'ሽሓት ዝኸኑ ሓሳኹ ድማ ዚዝ ኪብሉ ፡ ይርእን ይሰምዕን ነበረ ። ብጀካዝ'ውን ዑፍ ፤ "ኣበይ ሞይቱ ፡ ኣደከ ሞይታ ፡ ሓብተይ ሞይታ ፡ ሓወይ ሞይቱ ፡ ኣነ'ውን ክመውት ፡ ክመውት ፡ ክመውት ፡ ክመውት በጥ እብል ኣሎኹ ፡ ኪብል ሰምዖ ። እዚ ትርኢት ኪርኢ ኸሎ ፡ እዚ ስማዕ እዝ'ውን ኪሰምዕ ከሎ ፡ እንሆ ንጨራ ጸሓይ ብማእከል ኣቑ



ጽልቲ ኣግራብ ሰንጢቑ ስለ ዝረአየ ፡ ነቲ ጥዑይ ናይ ንጕሆ ኣየር ስለ ዘሸተተን ፡ ካብ ታሕጓስ እተላዕለ ንጎቱ ንላዕሊ ጢል ኣቢሉ ዓንደረ ።

እንሆ ሕጂ ዘይሓሰቦ ነገር ረኸበ ። ቅድምታ ንሱ እብቲ ሰፈር ዝመጸላ መዓልቲ ፡ ሓደ ሃዳናይ መታን እንስሳ ሓደው ነብሪ ኪሕዝ ኣብ'ቲ ማእከል ዱር ፡ ኣብ ክንዲ መጻወድያ ፡ ሓደ ዓሚቝ ጐድጓድ ኩዒቱ ነበረ ። እቲ ጐድጓድ ምእንቲ ከይርኤ ፡ ብፍኹስ ዝበለ ጨናፍር ኣቝጽልትን ተኸዲኑ ነበረ ። ወዮ ንጉሥ ዱር እንበሳ ፡ ዚጐድእ ስፍራ ከም ዝነበረ ብሽታ ኣለልዩዎ ነይሩ ይኸውን ። እንታይ'ሞ ይኹን እዚ ዕሽል ውላድ ሓርማዝ ፡ ኩሉ ዘይፈለጠ ፡ ክፍኣት ፡ ደቂ ኣዳም ኣይፈልጥን ነበረ ። ንጎቱ ጢል ኣቢሉ ፡ ኪዕንድር ከሎ ፡ ነቲ ጐድጓድ ድርግም ቢሉ ኣተዎ ።

ብዕድል ፡ እቲ ጐድጓድ ብዙሕ ዓሚቝ ስለ ዘይነበረ ፡ እቲ ውላድ ሓርማዝ ብዙሕ ከይተጐድኤ ክብቲ ጐድጓድ ወጸ ። ርእሱ ነቕ - ነቕ ፡ ጭራኡ ሰስ - ሰስ አበሎ ። (እኽላባት ግና ምስ ዚሕጐሱ ኢዮም ጭራእም ሰስ-ሰስ ዚብልዎ ።) ድሕርዚ እቲ ውላድ ሓርማዝ ፡ እንታይ ነገሩ ኢዩ ዝረኸበኒ ፡ ቢሉ ተመሊሱ ነቲ ጐድጓድ ጠመቶ ። የማን - ጸጋም ኪርኢ ኸሎ ፡ ኣብ ሓደ ሸንኹ ነቲ ጐድጓድ እንሆ ሓደ ኻልእ ንእሽቶይ ጐድጓድ ፡ እብኡ ድማ ርእሲ ሓንቲ ንእሽቶይ እንጭዋ ተቓልቂሉ ረአየ ። እታ እንጭዋ ንእኡ ትጥምን ነበረት ። ንሱ ኸኣ ብምድቃቕ ተገረሙ ። ብዙሕ ይጥምታ ነበረ ። እዚኣም ምስ ተጠማመቱ ፡ እቲ ውላድ ሓርማዝ ነታ ውላድ እንጭዋ ፡ «እቲ ክንደይ ትደቂ ፡» በላ ፡ ንሳ ኸኣ ፡ «እው ፡ እፈልጥ እሎኹ ፡ ሓሚመ ነይረ ኢየ» ቢላ ምላሽ ሃበቶ ።

ንብረትና መታን ኪቐንዓና ፡ ንወለድና ንተእዘዝ ኵሉሳዕ

ደ ፡ ዮ ፡ ዳንከንስን ፡

# ምስላታት

፩ ሰብ አማሚ ፡ እዝጊ ፈጻሚ ።
፪ ንሱ ኪሀብ መን ይኽልእ ፡ ንሱ ኪፈቱ መን ይጸልእ
፫ ሐቂ ግበር ፡ አብ መንገዲ ደቅስ
፬ አይትዋለም ንእማኒኻ ፡ ከይጠልመካ ፈጣሪኻ ።
፭ ኵሉ ይሓልፍ ፍቕሪ ይተርፍ ።
፮ ካብ ሃገር ዚገዝእ ፡ ሰብነቱ ዚገዝእ ።
፯ ስነ ስርዓት ዘይብሉ ሕዝቢ ፡ ጨው ከም ዘይብሉ መግቢ ።
፰ ሞት አሎ አብ መንጐኡ ፍርሐትን ንስሓን ተማልኡ ።
፱ ዝወለደ እንተለሐሰ ፡ ዝበደለ እንተኸሓሰ ፡ አበይእዝጊ ምተ ሐጐሰ ።
፲ ዓቕሊ ዋጋ በቕሊ ።
፲፩ ቄልዓ ብንኡሱ ቈርበት ብርሑሱ ።
፲፪ ሐያል ውሕጅ ፡ ክንዲ ዘንቈልቍል የንቃዕርር ።
፲፫ ንዘይመውት ፡ ፈውሲ አሎዎ ።
፲፬ ሰብ ዝገበሮ ምድሪ ነገሮ ።
፲፭ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ ።
፲፮ ካብ ንዓመታ ደርሆ ፡ ንሎምዘበን እንቋቍሖ ።
፲፯ ተሐሳሚ ጓሳ ፡ ምስሑ ዝበልካዮ ፡ ድራሩ ይኸዋ ።
፲፰ ዓሻ መዓዲኡ ይጸልእ ።
፲፱ ጽናዕ ከይትምናዕ ፡ ድሎ ከይትዕሎ ።
፳ ምስ ወዲ ሰላሳ አይትጐየ ፡ ምስ ወዲ ስሳ አይትምከር ።
፳፩ ካብ ፍትፍቱ ፊቱ ።
፳፪ ኢራን ሰለበን ነንሐድሕደን ይቃረባ ።
፳፫ ንዝረበ አስተውዒልካ ፡ ንእኽሊ አኽምሲዕካ ።
፳፬ ቍስሉ ዚሐብእ ፡ ፈውሱ ይሐብእ ።
፳፭ ዝኽርምን ዘይኽርም ማይ ይልምን ።
፳፮ ክንዲ ዝኰለስኩ ኢደይ ትነኽስኩ ።



፳፯ አንጭዋ ትሕለፍ ምእንቲ መጎጎ ።
፳፰ ዘንጊ ሓቂ ፡ ትቐጥን እምበር አይትስበርን ።
፳፱ ጐራሕ ብሜዩ ፡ ረቢ ሽበዩ ።
፴ ገለ ብማይ ፡ ገለ ስእን ማይ ።
፴፩ ሰብ ከም ዓቕሙ ፡ እኽሊ ከም ቀሪሙ ።
፴፪ ሰብ አብ ዓዱ ፡ እኽሊ አብ ዓውዱ ።
፴፫ ሕማቕ ስእን ዓቕሙ ፡ ሓላል ሽሙ ።
፴፬ ዓሻ የልበን በበይኑ ብልሐቱ ።
፴፭ ሰብ ናብ ሰቡ ፡ ዝብኢ ናብ ገረቡ ።
፴፮ ዘየለቀሐ ቀታሊ ፡ ዘይመልስ ከታሪ ።
፴፯ ውረድ ዘይበቕልኻ ፡ ልቓቕ ዘይርስትኻ ።
፴፰ ካብ በርቂ ካብ ደርቂ ፡ ቀዳዊኻ አይፍለዋን ።
፴፱ አወትገኒ ዝበለ አይትሕረድ ።
፵ ምኺንስ ምኽሳ ፡ ዓዱ ርሑቕ ኩሳ ።
፵፩ ወርቂ እንተ ጠፍአ ፡ ሚዛን ወርቂ ነይጠፍአ ።
፵፪ አሾኻ ምስ ብልሓ ትፍጠር ።
፵፫ ንርስቲ ይዋጋእላ አንስቲ ።
፵፬ ሓሳዊ ወረጃን ጐናይ አርሓን የጥፍእ ።
፵፭ ባዕላ ዝሰበረታ ጸሕሊ ፡ ሓጺብ ከም ዘምበረታ ።
፵፮ ካብ ምስ እትጸልእ መእዲ ፡ ምስ እትፈትዎ መንገዲ ።
፵፯ ዝሞተ እንተ ሞተ – ዘሎና ንዛተ ።
፵፰ ንምድሪ አይሀቡላ ስድሪ ።
፵፱ በላዒ ኸሎ ዘሪአ ይሕጐስ ።
፶ እምኒ እንተ ወደቕከያ ትሰብረካ ፡ እንተ ወደቐትካ ትሰብረካ ።
፶፩ ዓሻ ምስ ዝጸልእ ፡ ከመዓልካ ይኽልእ ።
፶፪ ንዘረበ ዘረበ የምጽእ ፡ ንሓመድ ድጐሪ የውጽእ ።
፶፫ ተሃዋኺም ይኽዕውዎ ፡ ክፍ ቢሎም ይአርይዎ ።
፶፬ ገጽ ዘይሓፍር ፡ በቀሊ አይስረር ።
፶፭ ድሕሪ ማይ ናብ በዓቲ ።
፶፮ አይትጽልአኒ ብወረ ፡ ብጀካ ብተነጸረ ።

፯፻፺፯ ካብ ንፋዕ ጠበቓ ፡ ዓሻ ዋና ።
፯፻፺፰ ክልተ ሳዕ እትዘረብ ልሳን ፡ ወይ ንድዌት ወይ ንዕምሳን ።
፯፻፺፱ ክዉን ኣይምለስ ፡ ጓህሪ ኣይዅለስ ።
፰፻ መንገዲ ምስ ወዲ ዓዲ ።
፰፻፩ ትሕትና ብልዒ የሕዋእ ፡ ትሕትና ምኾት የርትዕ ።
፰፻፪ ንብርቱዕ ነገር ኣይትተሃወኸሉ ፡ ንነዊሕ መንገዲ ኣይትኾየየሉ ።
፰፻፫ ዘረባን መሸላን ኣብ ክሳድ ።
፰፻፬ ተመን ምስ መሀረሚኡ ስንደድ ።
፰፻፭ ጸላኢ ፡ ጸለሎ ቀብኢ ።
፰፻፮ ዓሳን ክምዘይመውት ፡ ማይን ክምዘይነጽፍ ።
፰፻፯ ተካል መርዓ'ሎ ፡ ርሑስ ቀብር'ሎ ።
፰፻፰ ምሉእ ባዕሉ ይኲዖ ፡ ሕጹይ ባዕሉ ይምርዖ ።
፰፻፱ እንታይ ፈውሱ ዓበቕ ፡ ኣይትቅረብ ኣይትቀራረብ ።
፰፻፲ ንፈታዊኻ ግበረሉ ወይ ንገረሉ ።
፰፻፲፩ ክልተ ጊዜ ዝፈርዱ ፡ ግናይ ይወልዱ ።
፰፻፲፪ ሃመማ እንተ በዝሑ ፡ መኸደን ቶፉ ነይኸፍቱ ።
፰፻፲፫ ምጽዓንሲ ጸዓነኒ ፡ ስገም ግበረለይ በለት ኣድጊ ።
፰፻፲፬ ስረኻ ብኽሳድካ ኣውጽኣዮ ።
፰፻፲፭ ካብ ኣፍ ዝወጸ ፡ ካብ ልቢ ዝተሃንጸ ።
፰፻፲፮ ሰራቕ ሞባእ ባዕሉ ይላፋለፍ ።
፰፻፲፯ ሰብ ዘለዎ ኣራፊዱ ይመውት ።
፰፻፲፰ ብዙሕ ዘረባ ዓጸባ ።
፰፻፲፱ ሰበይቲ ሓሙትካ ትጸብቐካ እምበር ኣይትበለጸልካ ።
፰፻፳ ዘይሓስብ ኣይንገድ ።
፰፻፳፩ እትኣምኖ ልኢኽካ ፡ እንታይ ተረፈኒ ኣይትበል ።
፰፻፳፪ ትኽስ ድሙ መዘንግዕ እንጭዋ ።
፰፻፳፫ ኣድጊ ዘይብሉ ፡ በቕሊ ይንዕቕ ።



፰፻፳፬ ተመሊስካ እትረድኦ ገዲፍካዮ ኣይትእቶ ።
፰፻፳፭ እንካ ዝበለ ፡ ሰያብ ለኣኸ ።
፰፻፳፮ ጽቡቕ ዘረባ ፡ ዓጽሚ ኣጋንንቲ ይሰብር ።
፰፻፳፯ እንስቲ እንተተኣከባ ፡ ቍራዕ ሓምሊ የሕርራ ።
፰፻፳፰ ዘሎ ዘይመውት ይመስል ፡ ዝሞተ ዘይነበረ ይመስል ።
፰፻፳፱ ኣሓ ኣብ ደምብኤን ክሉዋ የሙቓ
፰፻፴ እም ፡ እም ይመስል ፡ ሰብ ፡ ሰብ ይመስል ።
፰፻፴፩ ነፋግ መንገዲ ዕዳጋ ይጸበ ።
፰፻፴፪ ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕ ።
፰፻፴፫ ብላዕ ዝበሰለ ፡ ተናገር ዝመሰለ ።
፰፻፴፬ ሞትን ክራማትን ኣይተርፍን ።
፰፻፴፭ ማሕበርካ በኹረ ፡ ኸራኻ ተሳዕረ ኣይበሉኻ ።
፰፻፴፮ ባህ ክብላ ልቢ ጽብሓሰ ዱባ ።
፰፻፴፯ ብወረ ኣይነግሡ ፡ ብኢዶም ኣይከሓሱ ።
፰፻፴፰ ተባዕ ኣይሞተ ፡ ፈራሀ ኣይሞተ ፡ ላንጓ-ላንጋ ሞተ ።
፰፻፴፱ ካብ ዘይትፈልጦ መልኣኽ ፡ እትፈልጦ ሰይጣን ።
፰፻፵ ብዓል እኖና ልበን ቀሊል ፡ ወዲ እንተወለዳ ዝብላ ዕልል ፡
ሓደው ዓንጃል ይኸውን ፡ ሓደው ዘሊል ።
፰፻፵፩ ጭሩ ክም ዓቕማ ፡ ብብርዒ ስገም ትሕጉም ።
፰፻፵፪ ሂብካ ኣይትኽላእ ፡ ፈቲኻ ኣይትጽላእ ።
፰፻፵፫ ካብ ሕሱም በዓል ዕዳ ፡ እንጣጢዕ ነይሕሱም ።
፰፻፵፬ እንታኻ ፡ ካብ እንዳኻ ።
፰፻፵፭ እምኒ ግራቱ ዘይኣሪ ፡ ብኡሳት ዘየዓሪ ፡ ፍጹም ኣረ ምድሪ ።
፰፻፵፮ ካብ ሳዕ በሎ ፡ ሓዕ ይቐርብ ።
፰፻፵፯ በዓል እንታ ፡ መስቁርቑሪ ።
፰፻፵፰ ዝባንካ ወደብ ኣይርኣዮ ፡ ክብድኻ ሓምሊ ምልኣዮ ።

፺፱ ብዙሓት ይሃቡኻ ፣ ብዙሓት አይሰዱልካ ።
፻ ሰብአይ ክልተ ፣ ንየው ነጀው ክብል ሞተ ።
፻፩ ማንቲለ ዘሊላ-ዘሊላ ናብ ምድሪ ።
፻፪ ክብ እጅብ በሊዕካ ብስና ፡ ሓምሊ በሊካ ጥዕና ።
፻፫ ነገር ዝወዓሎ ዳኛ ይፈልጥ ፣ እሓ ዝወዓሎአ ጓሳ ይፈልጥ ።
፻፬ ከመይ አሎኻ አይትበሎ ፣ አብ ገጹ ረአዮ ።
፻፭ ፍትሒ አይትጥፋእ ፡ መጥፊኢአ ይጥፋእ ።
፻፮ ጽብቅቲ ጸወታ ሃበኒ ጸየቐታ ።

## መ ጀ መ ር ያ   መ ዝ ሙ ር ።

### ምስጋናን ምፍጣንን ።

፩) አፈጣሪና ብአበዋት ዝበልክኒ
ክም ምርአይ ክም ዓይኒ ክም ምስማዕ ክም እዝኒ
ተመስገን ጌታየ ሓራ ዘውጻእክኒ ።
{ ዓለም ንሱ ኢዩ ትርፋ
ተማሂርና ነሕልፋ
ብዘይስበር ተስፋ ።

፪) አቅዱስ ዳዊት ፅጹብ መንክር ዝትንቢቱ
ኢትዮጵያ ዓደየ ዓገብ ዘይትፈቱ
ክፉእ ዝሓሰበላ ንዕርብርብ ጥፍአቱ ።
{ ዓለም ንሱ ኢዩ ትርፋ
ተፋቒርና ነሕልፋ
ብዘይስበር ተስፋ ።

፫) ወያ ሰንደቐይ ቅዱስ ዳዊት ዝመስከራ
ባሕሪ ቀላይ ሰጊራ ተመሊሳ አብ ሰፈራ
ተመስገን ጌታየ ዘውጻእክኒ ሓራ ።
{ ዓለም ንሱ ኢዩ ትርፋ
ብጽዓት ነሕልፋ
ብዘይስበር ተስፋ ።

፬) አደቂ ዓድና ንተሓጎስ ኩላና
ምእንቲ ክንስልጥን ምህሮ ንፍቶ ኢና
ተመስገን ፈጣሪ እዚ ዘርአኻና
{ ዓለም ንሱ ኢዩ ትርፋ
ተባኢና ነሕልፋ
ብዘይስበር ተስፋ ።

፭) ሃገርና ክብ ሎሚ ኢያ ዝሰልጠነት
ንደቃ ክተምህር ባዕላ ምስ ሃቀነት
ክንምለስ መታን አብ ናይ ጥንቲ ናጽነት ።
{ ዓለም ንሱ ኢዩ ትርፋ
ብትግሃት ነሕልፋ
ብዘይስበር ተስፋ ።

እስጢፋኖስ ጋይም ።



## ክ ል አ ይ

### ፍቕሪ ሃገር ።

፩) ሃገረየ ዓደየ
እፈትወኪ ብልበየ - ዓደየ
ክርእየኪ ብዓይነየ
ክልዕለኪ አብ ርእሰየ - ዓደየ

፪) አከለ - ጉዛይ ምስ ሰራየ
ሓማሴን ሰምሃረየ - ዓደየ
ደንከለይ ሰንሒተየ
መታሕት ባርካየ - ዓደየ

፫) ሃገረየ መዝኺ
ቀላሒ በሊ ንምድርኺ - ዓደየ
አምሀሪ ደቅኺ
ተባረሩ ሕዝብኺ - ዓደየ

፬) ወለዲ ሓደራኹም
አምሀሩ ደቅኹም - ዓደየ
ኪፈትዉ ንእኹም
ክትረክቡ ጸጋኹ - ዓደየ

፭) ደቀየ ፅምባበየ
ተማሃሩ አሕዋትየ - ዓደየ
ክትመርሕዎም ንዳሕሮትየ
ክተጽንዑ ናጽነትየ - ዓደየ

፮) ብምህሮ ዝሰልጠነ
ፍቕሪ ዓዱ ዝወጠነ - ዓደየ
ቤተክስያን ዝዓጠነ -
ይኸውን በዓል ቅነ - ዓደየ

፯) ኢትዮጵያ ልምዕቲ
ንሳ እያ ዦሕለይቲ - ዓደየ
ብፍሪ ዕምርቲ
ናጻ እያ ብጥንቲ - ዓደየ

፰) ስመሩ ዓበይቲ
ክንሰጉግ ዘረግቲ - ዓደየ
ጽሩይ ማይ ክንስቲ
ዘይቢሉ ዓለቕቲ - ዓደየ

፱) ሃገይ ጊርጊስ ምስ ማሕበረ
ዝገበሮ ቀምነገረ - ዓደየ
ዓቢ ነገር ናይ ምስጢረ
መለሰ አብ ዝነበረ - ዓደየ

፲) ደቀየ ፅምባበየ
ተማሃሩ አሕዋትየ - ዓደየ

## ሳልሳይ መዝሙር

### ምሕጽንታ ተማሃራይ ።

፩) አጸሓይ ትበርቂ ሕጉስቲ
አወርሒ ትወጺ ድምቕቲ
አኽኽባት ዓበይቲ ገዘፍቲ ።
ሕደራኹም
ሐግዙኒ
ንትምህርቲ ።

፪) ብነፋሪት ክዛወር ምደለኹ
ውቅያኖስ ክሰፍፍ ምደለኹ
ምሓንድስ ክኸውን ምደለኹ ።
መኼንንቲ
ሐግዙኒ
ንትምህርቲ ።

፫) ንንበታት መልክዖም ገረብ ኢዶ
ንጠረራት መልክዖም ሳዕሪ ኢዩ
ንሰብ'ውን ግርማኡ ጥበብ ኢዩ ።
መሳፍንቲ
ሐግዙኒ
ንትምህርቲ ።

፬) ዘይተማህረ ሰብ ነየድሕን
ዘይተወኽረ መጥሓን ነየጥሕን
ዘይጓሃረ ጒንዲ ነየስሕን ።
ሊቃውንቲ
ሐግዙኒ
ንትምህርቲ ።

፭) አነ ተማሃራይ ተስፋይ እንታይ ኢዩ ፧
አነ ሐሳብ ልበይ ከመይ ኢዩ ፧
ንዓደይ ተማሂረ ጠቕሚ ኢዩ ።
ሊቃውንቲ
ሐግዙኒ
ንትምህርቲ ።

እስጢፋኖስ ጋይም ።



## ራብዓይ መዝሙር

### ናፍቆት ጥበብ ።

፩) ብእምኒ አብያተ ይስራሕ
ብእም መርከብ ትስራሕ
ካብ ሑጻ ሐጺን ይስራሕ
ብሓጺን ክንደይ ጠቕሚ ይስራሕ ።

ሃየ !
እዚ መታን ክንክእል
ብፍጹም ልቢ
ድላይ ንግበር ።

፪) ብሓጺን ነፋሪት ትስራሕ
ብሓጺን ባቡር ትስራሕ
ብሓጺን አውቶሞቢል ትስራሕ
እዙይ ክንክእል ንፍቶ ስራሕ ።

ሃየ !
እዚ መታን ክንክእል
ብፍጹም ልቢ
ድላይ ንግበር ።

፫) ካብ ማይ ኤለትሪክ ይርከብ
ካብ እም ወረቐት ይርከብ
ካብ ሲሊቸ ጥርሙዝ ይርከብ
እዙ ንምኽእል አበይ'ዋ ይርከብ ።

ሃየ !
እዚ መታን ክንክእል
ብፍጹም ልቢ
ድላይ [illegible]

፬ ) ካብ መሬት እኽሊ ይርከብ
ካብ እምኒ ወርቂ ይርከብ
ካብ አውሊዕ ዘይቲ ይርከብ
ካብ ጡጥ ክዳን ይርከብ ።

ሃየ !
እዚ መታን ክንክእል
ብፍጹም ልቢ
ድላይ ንግበር ።

፭ ) አቦታትና ሃየ ሓደራኹም
አራእስታት ሃየ ሓደራኹም
ጽቡቕ ዘበን መጺኡ ናባኹም
የብልናን ሓገዝቲ ብጀካኹም ።

ሃየ !
እዚ መታን ክንክእል
ብፍጹም ልቢ
ድላይ ንግበር ።

፮ ) አቋልዑ ፍጠኑ ሓደራኹም
ኩሉ ጥበብ ኪመጽእ ናባኹም
ክይትሰንፉ ካብ ሰብ ከማኹም
ዘረባይ ስምዑኒ በጃኹም ።

ሃየ !
እዚ መታን ክንክእል
ብፍጹም ልቢ
ድላይ ንግበር ።

እስጢፋኖስ ጋደም ።



## ሓ ም ሳ ይ መ ዝ ሙ ር ።

### ፍ ቕ ሪ ት ም ህ ር ቲ

፩ ይ ።

ጥበብ ተመሃሩ ክም ሰብ ክትቀጻሩ ( ድገማ )
ትምህርቲ ዜብሉ ጸርፊ የውጽእሉ
ውሉድ ወለዶኡ ይነብር ሓሲሩ ።

፪ ይ ።

ትምህርቲ ወጺኡ አብ ኩሉ ሃገርና ( ድገማ )
ደቂ ዓደይ ኵልና ሓቢርና
ንቀበሎ ዕልል እናበልና ።

፫ ይ ።

ዎ ቈልዑ ንቕሑ ተመሃሩ ( ድገማ )
ትምህርቱዩ ንወድ - ሰብ ሓይሉ
ንዓሕረዎት አብነት ክትኰኑ ።

፬ ይ ።

ንዓ ሓወይ ንኺድ ናብ ቤት - ትምህርትና ( ድገማ )
ጊዜ ሓሳፊዩ ሰዓት ከይአኸለና
ክይነጕዪ ንመማሃሪና ።

## ሳ ድ ሳ ይ  መ ዝ ሙ ር ።

፩ ይ ።

ወላዲትና ሓድና
ኣብዛ ዓለም ብመልአ
ንእናሲ የልበን ከምአ
ግሩም ጸሐይ ኣብ ዋዒአ
ጥዑም'ውን ኣየራ

፪ ይ ።

ዎ ክብርቲ ሃገርና
ብውሽጣዊ ሓሳብና
ብዙሕ ነፍቕረኪ ኢና
ግሩም ጸሓይ ኣብ ዋዒአ
ጥዑም'ውን ኣየራ

## ሳ ብ ዓ ይ  መ ዝ ሙ ር

፩ ይ ።

ደቂ ዓድና
በስምኣብ ኢልና ንጀምር ስራሕና
ፊደል ከሎና
ስኣን ትምህርቲ ንድሕሪት ተሪፍና ።



፪ ይ ።

መኳንንትና
ተሰማሚዕኩም ሕሰቡ ጥቅምና
ተቓላጢፍና
ጊዜ ከሎና ክንቅጽል ምህሮና ።

፫ ይ ።

መማህርና
ድንቁርና ይጥፋእ ጸዐቱ ብእና
ብቅኑዕ ልቢ
ንጠይቅ ፣ ነግፍሕ ሓሳባትና ።

ቀሺ ገብረ-እግዚአብሔር ንጉሠ ።

መምህር ሳህለ ዓምደሚካኤል ።

# ፈጠራ (ቴማ)

ንተኸለ ኵሎም ተመሃሮ ዚፈትውዎ፡ስለምንታይ ኢዮም ፧
ንእማረ መማህሩ ብዙሕ ገኒሖሙዎ ። እንታይ ገይሩ ኢዩ ፧
ተስፋይ ትማሊ ኣብ ሆስፒታል ኣትዩ ። እንታይ ኰይኑ ኢዩ፧
ወልዱ ዚግብኦ መቕጻዕቲ ተቐቢሉ ። እንታይ በዲሉ ኢዩ ፧
ኣብነት ፡ ንፍዕቲ ጓል ኢያ ። እንታይ ኢዩ መንፍዓታ ።
ኣብርሃ፡ካብ ትምህርቲ፡ሰሙን በዅሩ ። ስለምንታይ ፧
ተወልደ ርእሱ ተሸፊኑ መጺኡ ። እንታይ ኰይኑ ኢዩ ፧
ርስቱ ፡ ሕያዋይ ወዲ ነይሩ ፡ እንተኸነ . . . .
ስለምንታይ ኢኻ ትመሃር ዘሎኻ ፧
ምስ ዓበኻ እንታይ ስራሕ ክትዓዪ ትፈቱ ፧ ስለምንታይ ፧
ሰንበት - ሰንበት፡እንታይ ክትገብር ትውዕል ፧
ብመዓልቲ ልደት እንታይ ክትገብር ውዒልካ ፡ ኣዘንቱ ።
ትማሊ ሓሙስ ክንዛወር ከሎና ዝረኣኻዮ ኣዘንቱ ።
ዓሰርተ መዓልቲ በዓላት ኣሎና ። እንታይ ክትገብር ኢኻ ፧
ሎም-ቅነ ምርመራ ኣሎ ። እንታይ ክትገብር ትሓስብ ኣሎኻ ፧
ትምህርቲ ምስ ተወድኤ እንታይ ክትገብር ኢኻ ፧
ኣብ ምሉእ ዕድሜኻ ኣውራ ዘሓጐሰካ ነገር እንታይ ኢዩ ፧
ከመይ ዝበለ ገዛ ባህ ይብለካ ፧ ብጽሕፈት ኣዘንቱ ።
ኣበየናይ ዓዲ ምቕማጥ ትፈቱ ፧ ስለምንታይ ፧
ኵልና ተመሃሮ በረኻ ውዒልና፡መጺእና ። ብዛዕብኡ ኣዘንቱ ፧
ብእዋን ትምህርቲ እንታይ ክትገብር ትውዕል ፧ ኣዘንቱ ።
ዕለታዊ ስራሕካ እንታይ ኢዩ፧ ብጽሕፈት ንገር ።
ጥቕሚ ትምህርቲ እንታይ ኢዩ ፧ ብጽሕፈት ምላሽ ሃብ ።
ሎምዘበን እትቀወት እኽሊ ከመይ ኢዩ ፧ ብጽሕፈ ኣዘንቱ ፧



# ኣ ር እ ስ ቲ

መቕድም


| | | |
|---|---|---|
| ምሉእ ሓሳባት | | — |
| ተኽሊ ለሚን | ገጽ | ፫ |
| ህያብ እግዚኣብሄር | » | ፬ |
| መብጸዓ | » | ፮ |
| ሚላ | » | ፯ |
| መንገደኛታትን ሓንቲ ኣምን | » | ፯ |
| ክልተ ሕቶ | » | ፰ |
| ሓሳኹ | » | ፰ |
| ብርቱዕ መስተ | » | ፱ |
| ብርቱዕ ፈተና | » | ፲ |
| ጫማ ብስልኪ | » | ፲፩ |
| ንፋግ ወዲ | » | ፲፩ |
| ዝብእን መፍለስን | » | ፲፬ |
| ክርክር ካብ ግቡእ የብሎር | » | ፲፫ |
| ዚጋደል ይዕወት | » | ፲፫ |
| ወኻርያን ራዛን | » | ፲፭ |
| ሓዲሽ ዓርኪ | » | ፲፭ |
| ተንኰለኛ ምኽሪ | » | ፲፮ |
| ብዛዕባ ማሕረስ | » | ፲፯ |
| ንጉሥ ፈታው ወርቂ | » | ፲፯ |
| ዕዉር መፍለስ | » | ፲፱ |
| ሓደ ዕዉር ግዙእን ሓደ ስራሕ ዘይብሉ ጐበዝን | » | ፳ |
| ዕዉራት ሰባትን ሓደ ሓርማዝን | » | ፳፩ |
| ጸማም | » | ፳፩ |
| ኣንበሳን ዕንዝሮን | » | ፳፫ |
| ክልተ ኣዕዋፍ | » | ፳፱ |
| ዕዮ ክብረት ኢዩ | » | ፳፭ |
| ክልብን ኣድግን | » | ፳፯ |

| | | |
|---|---|---|
| ደርሆ ፣ ቆቋሕ ፣ ሺላ | ገጽ | ፳፰ |
| ጠላም ድሙ | » | ፳፱ |
| ጻዕሪ | » | ፴ |
| አክላት ሰብ | » | ፴፩ |
| ጠረቤዛን ተመሃራይን | » | ፴፪ |
| ንቜልው አይትጠብሩ | » | ፴፬ |
| ቅንዕና | » | ፴፭ |
| ጥበበኛ ህበይ | » | ፴፯ |
| ጽውጽዋይ | » | ፴፯ |
| ሰዓት | » | ፴፰ |
| ሓደ ክፍሊ ስነ-ስርዓት | » | ፴፱ |
| ደብዳበ | » | ፴፱ |
| መልሲ ደብዳበ | » | ፵ |
| መርዓ ህበይ | » | ፵ |
| ሰለስተ ሰረቕቲ | » | ፵፩ |
| ከመይን በየናይ ጊዜን ኪብላዕ ከም ዚግበእ | » | ፵፪ |
| ተዋስአ (ኣበን ወድን) | » | ፵፫ |
| ተዋስአ (ዕዉርን ጥዑን) | » | ፵፱ |
| እደ | » | ፶ |
| አርሓ-ደርሆን ወኻርያን | » | ፶፩ |
| ድሃያት | » | ፶፩ |
| ሰብ | » | ፶፩ |
| አበን ወድን | » | ፶፪ |
| እሙን ዓርኪ | » | ፶፫ |
| ሓደ ውላድ ሓርማዝን ሓንቲ አንጭዋን | » | ፷ |
| ምስላታት | » | ፷፪ |
| መጀመርያ መዝሙር | » | ፷፫ |
| ካልአይ መዝሙር | » | ፷፬ |
| ሳልሳይ መዝሙር | » | ፷፭ |
| ራብዓይ መዝሙር | » | ፷፱ |
| ሓምሳይ መዝሙር | » | ፸፩ |
| ሳድሳይ መዝሙር | » | ፸፪ |
| ሳብዓይ መዝሙር | » | ፸፪ |
| ፈጠራ ። (ቴማ) | » | ፷፱ |


SOAS LIBRARY

# ምሉእ ሐሳባት

በጊዕ ሓላል ኢ.ያ ።

ወላዲ ውሉዱ ይፈቱ ።

ከተማ ገፊሕ ኢዩ ።

እተማህረ ሰብ ለባም ኢዩ ።

ንሳኽራማት ፣ ሰብ ይንዕቅዎም ።

እዛ ሰበይቲ ሕያወይቲ ኢ.ያ ።

መምህር የስተምህር ።

እድጊ ዕጉስ ኢዩ ።

ከልቢ እስተውዓሊ ኢዩ ።

መንጎ ጸሊም ኢዩ ።

ፈረስ መልከዐኛ ኢዩ ።

እንስቲ ስራሕ ቤት ይሰርሓ ።

ድሙን ከልብን ይጻልኡ ።

በእምሮ ዘ.ዓዩ. ሰብ ይህብትም ።

ሰላም እንታይ የምጽእልካ፤

ኩናት እንታይ የምጽእልካ፤

ብዘበን ሰላም ፣ ዕርቅን ሲሳይን
ትረክብ ።

ብሰናይ ግብርኻን ብጽቡቕ ሞያ
ኻን ትኽብር ።

ደቀይ ጥዑያት ኢዮም ።

እንጸር ለይቲ መዓልቲ ኢዩ ።

ነብሪ ጨካን ኢዩ ።

ህኩይ ስራሕ ይጸልእ ።

መገዲ ጸባብ ኢ.ያ ።

ዘይተማህረ ሰብ ፣ ዓሻ ኢዩ ።

ነስተውዓልቲ ፣ ሰብ የኽብርዎም ።

እዚ. ወዲ. ርጉም ኢዩ ።

ተመሃራይ ይመሃር ።

ድሙ ቀንጡሶ ኢዩ ።

በጊዕ ዓሻ ኢ.ያ ።

ጡጥ ጻዕዳ ኢዩ ።

ህበይ ግናይ ኢዩ ።

ሰብኡት አብ መሮር ይዓዩ ።

አሕዋት ይፋተዉ. ።

ሐሳብ ዘይብሉ ሰብ ግና ይደኪ. ።

ሓጎስን ብልፅን መስተን ።

ጓህን ጥሜትን መከራን ።

ብእዋን ውግእ ፤ ቅትለትን ሽጋርን
ትረክብ ።

ብሕማቕ ግብርኻን ብኽፉእ ስራሕ
ካን ትሓስር ።

አሓይ ሕሙማት ኢየን ።

እንጸር ብርሃን ጸልማት ኢዩ ።